

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.289 ሰሉስ 4 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ሃርሃርታ ደም የሻቕል ድዩ፧



ገጽ 4
ክንክን ጥዕና ህዝቢ፡...


ገጽ 5
መንእሰያትን ኣድምዎን


ገጽ 9
ሰለስተ ለበዋታት ኣሌክሳንደር ዓቢ


ገጽ 11
ናትናኤል ተስፋጽዮን ኣብ ስጳኛ ደሚቑ



## ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንኣባላት መበል 39 ዙርያ መግለጺ ሂቡ

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ፡ ትማሊ 3 ነሓሰ ንኣባላት መበል 39 ዙርያ መግለጺ ሂቡ።

ሳዋ፡ ክልተ ዓበይቲ ዕላማታት ማለት ምዝዛም ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ምፍጻም ሃገራዊ ግቡእን ዝዐደላ ማእከል ህንጸት መንእሰያት ምዃና ዝጠቐሰ ኮሎኔል ደበሳይ፡ መንእሰያት ኣካዳሚያውን ሞያውን ብቕዓቶም ብምዕባይ፡ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባታት ወጺኦም ሃገራውን ዜግነታውን ኣረኣእያ ከማዕብሉ፣ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ድልዱል ወኒኖም ድማ ሃገሮም ክሃንጹን ልኡላውነታ ክውሕሱን ትጽቢት ከምዝተገብረሎም ኣብሪሁ።

ህዝቢ ኤርትራ ንዝሓለፈ ጽንኩር መድረኻትን ንዝሸፈሎ ሪዚን ዋጋን ብምጥቃስ፡ ዕላማ ሃገራዊ ኣገልግሎት - ሃገር ምህናጽ፡ ምልማዕን ልኡላውነታ ምውሓስን ስለዝኾነ፡ ኩሉ መንእሰይ ዚ ተልእኾ'ዚ ብዝዋሓአ ተረዲኡ ብልዑል ወኒን ንቕሓትን ክሰርሓሉ ኣዘኻኸሩ።




ኣብ ሳዋ ኣብ ዝጸንሐሉ ናይ ሓደ ዓመት እዋኑ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ስፖርታውን ማሕበራዊ ንጥፈታት ከምዝምግልኡ፣ መንግስቲ ድማ ኩሉ ዘድልዮም መሰረታዊ ቀረብት ኣዳልዩሎም ከምዝሎ ዘረጋገጸ ኮሎኔል ደበሳይ፡ ንዝወሃቦም ትምህርትን ስልጠናን ብዝዋሓአ ተኸታቲሎም ብሩህ መጻኢኦም ክውሕሱ መኸሩ።

ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣብ መወዳእታ፡ ከም ኩሎም ዝሓለፉ ዙርያታት፡ ኣባላት መበል 39 ዙርያ እውን ሓድሕዳዊ ፍቕርን



ምትሕልላይን ብምኽስኻስን ብምድልዳልን፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ንቕሓቶም ብምዕባይ ንዘወሃቦም መደብ ስራሕ ብዓቢኡ ክተግብሩ ብምልባው፡ ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹሎም።

ኣባላት መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብህዝቢን መንግስትን ዝግበረሎም ኩሉ ዓይነት ሓለፋታት ከምዝርድኦም ብምጥቃስ፡ ዝተዋህቦም መምርሒ ሞራሎም ዘበርኽን ኣንፈት መጻኢኦም ዘማእዘንን ስለዝኾነ፡ ኩሉመዳያዊ ምድላዋቶም ኣጽፊፎም ናብ ሳዋ ከምዝወረዱ ኣረጋጊጾም።

## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕ/መ/ኣመሪካ፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተቛጺሉ

መበል 52 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 2 ነሓሰ ኣብ ከተማ ዳላስ - ቴክሳስ ብልዑል ስታፌን ውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስን ተኻዪዱ።

ሓላፊ ውዳባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ብኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብባህላዊ ኣልባሳት ብዘወቀቡ ኒጋድያን ተሰንዩ ኑቲ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ብወግዒ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ብዘተፈላለያ ኤርትራውያን ኮማት ንዝተዳለወ - ንባህልን መንነትን ኤርትራን ሕሉፍ ታሪኽ መኸተኣን ዘንጸባርቕ ቁሸታት ተዓዚቡ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዚ ንባህሊ፡ ታሪኽን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ብዘጉልሕ ትሕዝቶ ዝሃብተመ ፈስቲቫል፡ ካብ መበቈል ሃገሩ ማሕዲጊ ዝሓበር - ብፍቕሪ ሃገሩ ዝምገቖ ዜጋ፡ ኣብ ሓደ ቅርዓት ተራኺቡ መንነቱን ዓወታቱን ዘጽንበለሉ፣ ዝተጠምዎ ብደሀታት ንምስጋር ዘዘክተየሉን ዓቕምታቱ ዘወሃሃደሉን፡ ከምኡ'ውን ፍልጠትን ሓበሬታን ዘለዋወጠሉ ኣጋጣሚ መኣዲ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ንምዕዋቱ ንዘጸዓሩን ንመላእ ተሳታፉይን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብዚ ብዘሳትፎ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት ብቐንዱ ድማ ብዕዙዝ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ደሚቑ ዝቐጸለ ፈስቲቫል፡ ከንቲባ ከተማ ሪቻርድሰን ቴክሳስ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ቴክሳስ ኣባል ባይቶ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣመሪካውያንን ኣፍሪቃውያንን ዝርከብዎም መሓዙት ኤርትራን ኤርትራውያንን ከምዝተሳተፉ፡ እቲ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብባህላውን ስፖርታውን መሰናድኦታት፣ ንጥንታውነት ታሪኽ ኤርትራ ዘገልጽ ብምርምራዊ ርኽበታትን መርትዖታትን ዝተሰነየ ምርኢትን ትርኢትን፣ ሞያዊ ኣስተምህሮታት፣ ምርኢት ብኤርትራውያን ዝውሃብ ትካላትን ፍርያትን፣ ሰሚናራትን ኩርናዕ መጽሓፍትን፣ ከምኡ'ውን ንድሩብ ቃልሲ ደቀኣንስትዮን ንታሪኽ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ብዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ማዕርጉ ቀጺሉ።




## ዓዲ'ኳላ - ብህዝቢ ዝተበርከተ ልዕሊ 700 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ብህዝቢ ዝተበርከተ ልዕሊ 700 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ከምዝተኸፋፈለ፡ ጸሓፊት ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኑቢያት ባህልቢ ሓቢሩ።

እቲ ብዕርቲ 22 ምምሕዳራት ካብ ዝተዋጽአ ገንዘብ፡ ን1,395 ስድራቤታት'ዩ ተመቓሪሑ።

ህዝቢ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወቕቲ ማሕረስ ንስድራ ስውኣት ጉልበታዊ ደገፍ ከምዝገበረ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ኑቢያት፡ እቲ ኮማዊ ሓገዝ ቀጻሊ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ብወገኑ፡ እቲ ዓመት መጸ ዝግበር ገንዘባውን ጉልበታውን ደገፍ፡ ምስ'ቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ ስሩዕ ደበስ ተደሚሩ፡ ስድራ ስውኣት ኣብ መቐበሮኦም ንኸይጽገሙ ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ብተመሳሳሊ፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 42 ሽሕ ናቕፋ ን37 ስድራ ስውኣት ከምዝተዓደሉ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከበቢ ዓርጌናይ፡ እንዳስቲፋኖስ፡ ሳርዳ፡ ደቢ፡ ዓዲ-ሓርገጽ፡ ማይ-ጨናን ፍልሖን፡ ንስድራ ስውኣት ልዕሊ 28 ኩንታል እኽሊን ናይ ማሕረስ ሓገዝን ከምዝገበሩ፡ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

## ዜና

# ተሰነይ - ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ይሰላሰል ኣሎ



ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት - ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዝተኮረ ስራሕ ማእቶታዊ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ተጸዋዒ ኣሃዱ ልምዓትን ምዕቃብን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ዓብዱ እስማዒል ሓቢሩ።

ለሚዚዘጉ 736 ተመሃሮ ኣብ ክልተ ነቑጣታት ማለት ነቑጣ ፋንኮን ነቑጣ ተሰነይን ተዋፊሮም፡ ኣድማዒ ማእቶታዊ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ድማ ገሊጹ።

በዚ ኣብ 6 ሓምለ ጀሚሩ ን36 መዓልታት ዝቕጽል ወፍሪ፡ ዛጊት ኣስታት 29 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላ ክስራሕ ከሎ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ትካላትን ጥዕናን ድማ ኣግራብ ናይ ምኽስካስ መደብት ይካየድ ኣሎ።

ኣለይትን ተመሃሮን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ፍቕርን ስኒትን ዝሸሰክስ ብምዃኑ፡ ድርብ ረብሓታት ከምዘለዎ ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ፋንኮ 10 ሽሕ፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እንጅሓይ ድማ 10 ሽሕ መብቆላዊ ኣግራብ ንምትካል መደብ ከምዘሎ፡ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

# ኣብ ሃይኮታ፡ 400 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሰራሕተኛታትን ሰብ ዋኒንን ዘበርከትዎ 400 ሽሕ ናቕፋ፡ ካብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጽኡ 80 ስድራ ስውኣት ተመቓሪሑ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ተስፉ ተኽለይ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እቲ ሓገዝ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ወሃኒቲ ንግዳዊ ትካላት፡ ከም'ኡ'ውን ካልኦት ሰብ ጸጋ ከምእተበርከተን ንሕፍሲ-ወከፍ ስድራ ስውእ 5,000 ናቕፋ ከምእተዓደለን ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ ብወገኑ፡ ነበርቲ ሃይኮታ በብእዋኑ ንስድራ ስውኣት ኣብ ጸህያይ፡ ዓጺድ፡ ምእካብ ምህርቲ፡ ምጽጋን ኣባይቲ ክሕግዙ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ነቲ ገዚኦዊ ኣበርክቶ ንዘገበሩ ወገናት ምስጋና ኣቕሪቡ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ፖሊስ፡ ከም'ኡ'ውን ሰራሕተኛታት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ኣብ ፋብሪካታት ጥገፆም፡ ፋብሪካ ዘይቲን ትካል ዕዮ ሓጺንን ዑደት ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ዑደት፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይተን ትካላት ሌተናል ኮሎኔል ተከኤ ወልዱን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕን ኑቶም መንእሰያት መብርሂ ሂቦምዎም።

# እምኒሓይሊ - መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምስፋሕ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምስፋሕ፡ ኣብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኣማኒኤል ጉብረብርሃን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወሰናት ሓረስቶት ጥራይ ነቲ መደብ ከተግብሩ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ውጽኢቱ ተራእዩ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንኽስራሓሉ ዝሕግዝ ኣስተምህሮታት ንሓረስቶት ከምእተዋህበ ገሊጹ።

ለሚ ዘበን ክራማት፡ 250 ሓረስቶት ብክኢላታት ሕርሻ ተመሪሖም ነፍሲ-ወከፎም ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ስርናይ፡ ዕፉን፡ መሸላን ባልደንግን ዘሪኦም ከምዘለዉ፡ ኣቶ ኣማኒኤል ብዘውሳኺ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ እቶታውነት ንምዕባይ ዝሕግዝ ስትራተጂ ስለዝኾነ፡ ሓረስቶት ብክኢላታት ንዝወሃቦም ሞያዊ ምኽሪ ተጠቒሞም ንተግባራውነቱ ክጽዕሩ ተማሕጺኖም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓዲቐይሕ - መደበር ፈልሲ ሩባቡር ኣብ መደባት ምግራብ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ትገብር ኣላ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ እትርከብ መደበር ፈልሲ ሩባቡር፡ ኣብ ወቕቲ ክራማት ዝካየድ መደባት ምግራብን ዳግመ-ምግራብን ንምሕያል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ ተሓቢሩ።

እታ መደበር - ለሚ ዓመት ልዕሊ 220 ሽሕ ፈልስታት ዓሰርተ ዓይነታት መብቆላውን ዘይመብቆላውን ኣግራብ ኣዳልያ ከምዘላ ዝገለጸ ክኢላ ሃብቲ ገረብ ኣቶ ኣሕመድ ሱሌማን፡ ብወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ፡ ብምምሕዳራት ከባቢን ውልቀ ገረብትን ከም'ኡ'ውን ኣብ መንበሪ ኣባይቲ፡ ናይ እምነት ቦታታት፡ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት - ኣብ ዝተጸንዐ ቦታታት ክትከል ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዓመት መጸ ዝትከል ፈልስታት ሳላ ዝግበረሉ ጽኑዕ ሓለዋን ምክንኻንን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣሕመድ፡ ሃብቲ ገረብ ንዘበርክቶ ዝገበር ምቁጽጻርን ዝበዩን መቕጻዕትን እውን ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ገሊጹ።

ክኢላ ምግራብን ተቖጻጻሪ መደበር ፈልሲ ሩባቡርን መንእሰይ ሮቤል ሰዓረ ብወገኑ፡ ብደረጃ ዓድታትን ውልቀ-ገረብትን ዝትከል ፈልስታት እቲ ዝድለ ውጽኢት ክህብ ብዝግበረሉ ግቡእ ምክትታል፡ ካብ'ቲ ካልእ ኣብ ዝሓሸ ኩነታትን ደረጃ ምዕባለን ከምዝርከብ ሓቢሩ።

ኣካያዲት ናይ'ታ መደበር ፈልሲ ወ/ሮ ዘውዲ ተኽለ ድማ፡ ተጠቀምቲ - ካብ ምውሳድ ፈልስታት ክሳብ ምትካልን ምክትታልን ዕቱብት ክኾኑ ተማሕጺና።

ለሚ ዓመት፡ ኣብ መደበር ፈልሲ ሩባቡር ተዳልዩ ዘሎ ፈልስታት፡ ኒም፡ ለሲንያ፡ ታህሰስ፡ ቀይሕን ጻዕዳን ቀላሚጦስ፡ ዒቃ፡ ግራዋ፡ በርበረ ጸሊምን ካልእን የጠቓልል።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሃርሃርታ ደም የሻቕል ድዩ፧

ሃርሃርታ ደም (varicose veins)፡ ሻምብቆ ደም ሽይን ምስ ዝገፍሕ፡ ወይ ብደም ኣዝዩ ምስ ዝመልእ ኣብ ቆርበትና ዝገሃድ ተርእዮ እዩ። ኣብ ቆርበትና ሕበጥን ደም ዝሰረበ ወይ ቀጠልያ ሕብሪ ዝሓዘ ምልክትን የርኢ። ሃርሃርታ ደም፡ ብዙሕ ግዜ ኣቓንዛዊ ኣይኮነን።

ሃርሃርታ ደም ልሙድ ተርእዮ እዩ - ብፍላይ ኣብ ደቀንስትዮ። ብዙሕ ግዜ ሃርሃርታ ደም ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ መሓውር፡ ብፍላይ ኣብ ዳንጋ ይገሃድ።


ብዛዕባ ሃርሃርታ ደም ኣብ ዝርአ ግጉይ መረዳእታ ሓደ፡ ኣብ ልዕሊ ቆርበት ዝፈጥሮ ጉዳይ ስነ-ጽባቐ እዩ። ገለ ሃርሃርታ ደም ዘለዎም ግዳያት፡ እቲ ዝፈጥሮ ሕበጥን ዘይምቹእ ቅርጺ ኣብ ቆርበቶም ስክፍታታት ክፈጥረሎም ይርአ። እቲ ኣብ ስነ-ጽባቐ ዝፈጥሮ ዘይምቹእነት ግና ሕክምናዊ ፍወሳ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

መብዛሕትኡ ግዜ ሃርሃርታ ደም ብዕቱብ ክርአ ዘለዎ ጉዳይ'ኳ ኣይኾነ፡ ግዳያት ቀጻሊ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ብፍላይ ምስ ክኢላታት ሻምብቆታት ደም፡ ብምርኻብ ዘድሊ ሓገዝን መርመራን ክገብሩ ይምከር። እዚ እቲ ጸገም ካልእ ጥዕናዊ ሓልክታት ከይፈጥር ኣቐዲምካ ኣብ ምክትታሉ ሓጋዚ ይገብሮ። ዝኾነ ምክትታልን ፍወሳን ምስ ዘይንገብረሉ ግና፡ ናብ ካልእ ዝበኣሰ ሓልክታት፡ ከምኡ'ውን ምድራቕን ምቕያርን ቆርበት ክፈጥር ይኽእል። እዚ፡ ዝኾነ መጉዳእትን መቑሰልትን ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ ንምሕካሙ ኣጸጋሚ ይገብሮ።

### ሽይን (Vein)

ሽይን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካል፡ ኦክስጅን ዘይብሉ (de-oxygenated) ደም ናብ ልቢ ዝመልስ ሻምብቆ እዩ። ስርዓት ሽይን ኣብ ክልተ ጉጅለ ይምቀል። እቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ ኣካላትን ጭዋዳታትን ዝርከብ ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ጉጅለ፡ ናብ ቆርበትና ዝተጸገዐ እዩ።

ኣእጋርና ካብን ናብን ንምንቅስቓስ ዝሕግዘና ኣገዳሲ




ክፍሊ ኣካላትና ክሳብ ዝኾኑ፡ ኣብኡ ዝርከቡ ሻምብቆታት ሽይን ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ኣብ ኣእጋርና ሰለስተ ስርዓት ሽይን ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ውሽጢ ጭዋዳታት ኣብ ከባቢ ቀዳሕቲ ደም ዝርከብ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ፡ ብፍላይ ጸገም ኣብ ዘጋጥመና፡ ተገቲሩ ብዓይኒ ክርአ ዝኽእል ኣብ ትሕቲ ቆርበት ዝርከብ እዩ። እቲ ሳልሳይ ስርዓት ሽይን ንኽልቲኦም ስርዓታት ዘራኽብ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ደም ብምውህሃድ ናይቶም ኣብ ውሽጢ ኣካላትን ኣብ ጽፍሒ ቆርበትን ብዝርከቡ ሻምብቆታት ኣቢሉ እዩ ናብ ልቢ ዝምለስ። ኣብዞም ስርዓት ሽይን፡ ዝኾነ ናይ ደም ዋሕዚ ጸገም ምስ ዝህሉ፡ ደም ብግቡእ ናብ ልቢ ኣይምለስን። ኣብቶም ሻምብቆታት ናይ ምዕቋር ተኽእሎ ይህልዎ።

ናብ ልቢ ደም ዝመልሱ ሻምብቆታት መጠኖም እንክዓቢ፡ ስሩዕ መዛርዖም (anatomy) ስሒቶም ክጠዋወዩን ደም ኣዕቊሮም ክሓብጡን ይረኣዩ። እዚ ሃርሃርታ ደም ይበሃል።

ኣብ ጠንቅታት ሃርሃርታ ደም

ሽይን፡ ናብ ሓደ ሸነኽ ዝጭንጉዕ መፈንቶ (valves) ዘለዎ ሻምብቆ ደም እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ደም ንድሕሪት ንኸይምለስ ንምሕላው እዩ። እዞም መፈንቶታት'ዚኦም ብግቡእ ምስ ዘይሰርሑ፡ ደም ናብ ልቢ ኣንፈ ሐዙ ኣብ ክንዲ ዝንዓዝ ኣብ'ቲ ሻምብቆ ይእኩብ። እቲ ሻምብቆ ደም ክግተርን ክሰፍሕን ይጅምር ማለት'ዩ።

ሃርሃርታ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣእጋርና ዝረኣየሉ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ኣብ ኣእጋርና ዝርከብ ሻምብቆ ደም ናይ ሽይን ካብ ዝኾነ ካልእ ክፍሊ ኣካላትና ካብ ልቢ ርሒቑ ስለ ዝርከብ፤ ብሰንኪ ስሕበት መሬት፡ ደም ናብ ልቢ ክምለስ ከቢድ ስለ ዝኾኖ እዩ። ነዚ ጸገም እዚ ጠንቂ ክኾኑ ዝኽእሉ፦

- ንብዙሕ ሰዓታት ኣብ ሓደ ደው ኢልካ ወይ ተረፍዕካ ምስራሕ፡
- ከሳዕ ምዃንን ልዕሊ ዓቐን ኩብደት ሱብኹት ምውናንን፡
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡
- ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ዕሽል ዝዓኩሉ ማህጸን፡ ኣብ ውሽጢ ከስዐ ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ዓበይቲ ሰራውር ደም ተጽዕኖ ምፍጣር፡
- ሃርሃርታ ደም ካብ ዘለዎም ስድራ ቤት ምውላድ፡
- ምስ ዕድመን ፍርያምነትን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ሆርሞናዊ ለውጥታት፡
- ኣብ ውሽጢ ጭዋዳ ኣብ ዝርከቡ ሻምብቆታት ሽይን ምርጋእ ደም ምግጣም ክጥቀሱ ይከኣል።

### ደረጃታት ሻራሻ ሽይንስ

ሃርሃርታ ደም ሓሙሽተ ደረጃታት ኣለዎ።

ቀዳማይ ደረጃ፦ 'ስፓይደር ሽይንስ' (Spider veins) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ኣዝዮም ቀጠንቲ ቀያሕቲ ወይ ሰማያዊ ዝሕብሮም ሰራውር ደም ኣብ ቆርበት እቲ ግዳይ ይርኣዩ። ዓቐን ናይቶም ሻምብቆታት ደም ካብ 0.5 ክሳብ 1 ሚሊ. ሜትር እዩ ዝበጽሕ። ናይ ሳሬት መርቡብ ዝመስል ቅርጺ ስለ ዝሕዙ እዩ ድማ 'ስፓይደር' ዝብል ስም ዝተዋህቦ።

ካልኣይ ደረጃ፦ ኣዝዮም ዝተወጣጠሩን ዝሓበጡን ዓበይቲ ሰራውር ደም ኣብ ቆርበት ይረኣዩ። ዘሳሕን ድኻም ኣብ መሓውርን ዝኣመለ ምልክታት'ውን የርኢ።

ሳልሳይ ደረጃ፦ ኣብ መላእ መሓውር ሕበጥ ናይ ሽይን ይርአ። ኣብ ታሕተዋይ እግሪ ፈሳሲ ክዓቁር ይጅምር። እግሪ ይኸብድ ንምንቅስቓስ ኣሸጋሪ ይኸውን።

ራብዓይ ደረጃ፦ እቲ ዝተጠቕዐ ቆርበት ዘይናቱ ሕብሪን መልክዕን ክሕዝ ይጅምር። ብተወሳኺ እቲ ቆርበት ይደርቕን ይተርርን። ናብቲ ቆርበት ዘድሊ መኣዛን ኦክስጅንን ስለ ዘይበጽሕ ጥዕንኡ ይጎድል። ንረኽስን መቑሰልትን ተኣፋፊ ይኸውን። ናብ መብላዕ (eczema) ዓይነት ሕማም ቆርበት ክምዕብል'ውን ይኽእል።

ሓሙሻይ ደረጃ፦ ነዊሕ ግዜ ናብ ዝጸንሕ ሕዱር ሕማም ስርዓት ሽይን (venous ulcer) ይምዕብል።

### ሕክምናዊ ጸብጻባት

- ሃርሃርታ ደም ካብ 10 ክሳብ 30 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም ጸልዩ ይርከብ።
- ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብክልተ ወይ ሰለስተ ዕጽፊ ሃርሃርታ ደም ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ኣለወን።
- ሃርሃርታ ደም ብዙሕ ግዜ ካብ 40 ክሳብ 80 ዓመት ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ሰባት ይርአ።
- ከሳዕ ወይ ልዕሊ ንቡር ኩብደት ሱብኹት ብምውናን፡ ሃርሃርታ ደም ናይ ምምዕባል ተኽእሎኻ ብ50 ሚእታዊት ዝዓበየ እዩ።
- መዓልታዊ ልዕሊ 4 ሰዓታት ደዊ ኢልካ ንጥፈታትካ ተከናውን እንተኼንካ፡ ሃርሃርታ ደም ከተማዕብል ዘለካ ተኽእሎ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ዝዓበየ እዩ።

### ሃርሃርታ ደም ክሓዊ ይኽእል ዶ፧

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ሃርሃርታ ደም ብዙሕ ዘሻቕል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ግቡእ ቀላሕታ ምስ ዘይትገብረሉ ቡብግዚኡ ናብ ዝበኣሰ ደረጃ ክምዕብል ይኽእል እዩ።

ኣብቶም ቀዳሞት ክልተ ደረጃታት፡ ኣብ ግዳያት ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስነ ጽባቐ ጉዳይ ሓሊፉ ካልእ ዝፈጥሮ ምልክታት ስለ ዘየለ ኣሻቓሊ ተባሂሉ ኣይግለጽን እዩ።

እቲ ሃርሃርታ ደም ምኽባድ እግሪ፡ ሕበጥ እግሪ፣ ንምሕዋዩ ዘሸግር ቀስሊ ኣብ እግሪ፣ ከቢድ ቃንዛን ሰሓን ኣብ መሓውር ምስ ዘርኢ ብኣግኡ ናብ ሕክምና ብምኻድ መርመራን ግቡእ ፍወሳን ምስ ዝረኩቡ፡ እቲ ኩነታት ክመሓየሽ ከም ዝኽእል ሰብ ሞያ ጥዕና ይሕብሩ።

### ፍወሳን ምክልኻልን ሃርሃርታ ደም

ሃርሃርታ ደም ኩነታት ኣነባብራኻ ብምቕያር ክትፍወሶ ዝከኣል እዩ። እዞም ሰዒቦም ዝጥቀሱ ኣብ ኣነባብራና ንገብሮም ምቅይያራት ንሃርሃርታ ደም ክፍውሱ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት ከረጋግጹ ክኢሎም እዮም።


- ንነዊሕ ሰዓታት ደው ካብ ምባል ምቑጣብ፡
- ኩብደት ምጉዳል። እዚ ማለት ምስ ቁመትካን ጥዕናኻን ዝሳነ ኩብደት ሱብኹት ክህልወካ ምጽዓር የጠቓልል፡
- ዑደት ደም ብግቡእ ክካየድ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር።
- ጨቢጡ ዝሕዝ ካልሰን ስረን ምውዳይ።

ኣብ እትድቅሰሉ ወይ ኮፍ ትብለሉ እዋን ድማ ኣእጋርካ ካብ ኣፍልብኻ ከተልዕሎ ተመራጺ እዩ።

ሃርሃርታ ደም ዘስዕቦ ሓልክታት መብዛሕትኦም ሰባት ዝፈጥረሎም ሓልክታት'ኳ እንተዘየለ፡ ኣብ ገሊኦም ግና፦

- ምድራቕ ቆርበት፡
- ምርጋእ ደም (thrombosis)፡
- ምምላእ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ (Pulmonary embolism) ዝኣመሰሉ ጸገማት የስዕብ እዩ።

ምንጪ፦ theveininstitute




## ጥዕና ልቢ ንምሕላው

ልቢ ኣገዳሲት ክፍሊ ኣካላት ናይ ሰብነትና እያ። ቀንዲ ዕማም ልቢ ኦክስጅንን መኣዛዊ መግብታትን ዝሓዘለ ደም እናጨንገዐት ናብ መላእ ኣካላትና ከም ዝበጽሕ ምግባር እዩ። ልብና ናይ ህይወትና ኣገዳሲት ኣካል ክሳብ ዝኾነት ጥዕንኣ ክንሕሉ ይግባእ። ጥዕና ልብና ብኩነታት ኣነባብራናን ኣመጋግባናን ይሕሎ።

**ዕምሪ ልብና ንምንዋሕ፦**

- ሽጋራ ምትካኽ ክቋረጽ፡
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምዝውታር ንጡፋት ክንከውን፡
- ኩብደት ሱብነትና ከነጉድል፡
- ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ጽሕጊ (fiber) ዘለዎም መግብታት ምምጋብ ክንዘውትር፡
- ስብሕን ቀብኣትን ከምኡ'ውን ጨው ብዝበዝሐ ካብ ምውሳድ ክንጉድል ይግባእ።

- ንሓደ ዓመት መመላእታ ሽጋራ ምትካኽ ዘቋረጹ ካብቲ ምትካኽ ዘየቋረጹ ብሕማም ልቢ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ብፍርቂ ይጎድል።
- ስሙናዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር ብሕማም ልብን ወቕዒ ልብን ክንጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ እዩ።
- ኣብ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን ምስ እንዘውትር ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክንጥቃዕ ዘሎና ተኽእሎ ብ20 ሚእታዊት ይንከ።

# ክንክን ጥዕና ህዝቢ፡ ኣገልግሎት'ዶ ንግዲ፤ ክዉንነት ኤርትራ ብመንጽር ካልኦት

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

"ኣብ ናይ 44 ዓመታት ንጡፍ ናይ መጥባሕቲ ዕዮይ፥ ንበቕዓት፥ ድሕነት፥ ተጠቃምነት፥ ኣኽእሎን ቀረብን ጥዕናዊ ኣገልግሎትና ዝፈታተኑ ወይ ስግኣት ዝኾኑን ከም ሸኑ ገመል ንድሕሪት ዝመልሱን፥ ብዙሓትን ጉሉሓትን ነገራት ተዓዚበ" ብምባል'ዩ ኣመራርዊ ሓኪም (መዲካል ዶክተር) ጀምስ ከይ ኤልሲይ ጽሑፉ ኣብ ኣልጀዚራ ከፍር ዝጀምር፡፡ ከምዚ እናበለ ድማ ይቕጽል፤

"ካብ ትዕዝብተይ ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ዘሕዝን ካብ ዝኹበሮ መሰረታዊ ጉዳይ ቡዩም ረቡሓ ወይ መኽሰብ ውልቀም ከም መዕቀኒ ዓወትን ምዕባለን ዝቖጽሩ፡ ብዞባ ሰጣምን ወገናምን ዘይዓጦም፥ እናገበሉ ብዘኾዱ ውሑዳት ኮርፖረሽናት ይግበት ብምህላዉ እዩ፡፡ እዚ ዘቐጽዙ ልኡኽ ጥፍኣት ዝኾነ ዘይምዕሩይ ኣካይዳዚ፡ ኑየም ኣብ መቐሕ ስቅያት ጥዕና ዝርከቡ ዜጋታትና መዓልታዊ ፈጣሪ ሽግር ኮይኑዎም ኣሎ፡፡ ናይዚ ዝተጠቕሰ ጉዳይ ጉሉሕ ምልክት፥ ኣብዩም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ኢሎም ዝመጽኡ ዜጋታት ኣመራጋ ኢኻ እትረኽቦ፡፡ መጥባሕቲ ክዝብዑ ናብ ሕክምና ምስ መጽኡ፥ ከም ንብር 'ቃንዛ ክዝብረለይ ደዩ ንምኳኑ በዚ መጥባሕቲ'ዚ ካብ ሞት ክድሕን ደየ' ዝብሉ ሰብኣውያን ሕቶታት ክሓቱኻ ኢኻ ትጸበ፡፡

"እንተኾነ እቲ ዝሓቱዎ ሕቶታት ካልእ እዩ፡ 'እቲ መጥባሕቲ ክንደይ ግዜ ክወስድ ይኽእል፥ ምኽንያቱ እንተደንገየ ኣሰራሕተይ ብሕማመይ ዘድንግጹ ኣይኮኑን፡፡ ካብ ስራሕ ክስጉጉ እየም፡፡ ኣነ ስድራቤተይን ኣብ ጥራሕ ጎልጎሎ ክንድርበ ኢና፡፡ . . . እዚ ንመጥባሕቲ ዝሕተት ዘሎ ገንዘብ ልዕሊ ዓቕመይ፥ ንሓዋሩ መኾብሮይ ዘዳብል ከይኮውን ፈሪሐ ኣለኹ፣ ከምኡ እንተኾይኑ ግዜይ ሸይጠ ክዝብሮ ኣይክእልን'የ፡ ኣምላኽይ ሐዘ ኑቲ ዝመጽእ ክጸበ ይሓይሽ' እዮም ዝብሉኻ፡፡


"ኣብ ሃገርና ኣመራጋ ኣብ መዳይ ጥዕና ሓደን መሰረታውን ጌጋ ይፍጸም ኣሎ፡፡ መሰረታዊ ወይ መጥኢታዊ ዝበዝሓ መሰል ወዲ ሰብ ይገሃስ ኣሎ፡፡ በዚ እንኸተሎ ዘሎና ሜላ ሕክምና፡ ምርግጋጽ ጥዕና ዜጋታት መሰል ዘይኮነ ብገንዘብ ዝሽየጥ ግዴታ ይኾውን ኣሎ ማለት እዩ፡፡ እቲ ዝገርም እዚ ፍጻመ እዚ፥ ኣብ ሓንቲ ካብ ዓለምና ከም ከኾብ ወይ ፋኑስ እትርአ ሃገር የጋጥም ብምህላው፥ መሰረታዊ ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ ሃገራዊ ምስሊ ዘድውን ሞራላዊ ውድቀት እዩ፡፡

"እዚ ሕጂ ሃገርና ኣመራጋ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና እትሓልፎ ዘላ ሕልፊት፥ ልክዕ ኑቲ ቅድሚ 50 ዓመታት ተቓላሲ ንሓርነት ዝነበረ ማርቲን ሉተር ኪንግ 'ኩሎም ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ዝፍጸሙ ዓይነታት ዘይምዕሩይነትን ዘይፍትሓውነትን ኣብ ጉዳይ ጥዕና፥ ኣዝዩ ዘሰካሕክሕን ዘይሰብኣውን'ዩ' ዝበሎ ዘዘኻኽር ሓቂ'ዩ፡፡ እቲ ማርቲን ሉተር ዝበሎ፥ ነዚ ሕጂ ዘሎ ዝቖቖዐን ዝቖንቖቖን ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ብልክዕ ዝገልጽ'ዩ፡፡ ከምድሩ ዝጸንሐ ቀጻልነት ዘይብሎምን ዘይሓላፍነታውያንን ፖሊቲካዊ መብጽዓታት፥ ንማዚኡ ትጸበት ወይ ተሰፋ ኣብ ሕሙማት ከፈጥሩ ጸኒሖም እዮም፡፡ እቲ ሓቂ ግን ሰብ ብርኪ ዋጋን ውልቀ ስሱዓትን፥ ኑቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ውድቀት ከማስርሑ ኢና ንዕዘብ ዘሎና፡፡ ዋጋታት ኣገልግሎት ሕክምና ሃገርና ድማ፥ ካብዩም ካልኦት መዛኑ ሃገራት ኣዝዩ ዝኸበረን ክትሰምዖ ንእዚ ዘሕርኩኾን እዩ፡፡ ስለዚ እቶም መብጽዓታት ሃፋን ተሰፋን ኮይኖም ኣለዉ፡፡

"ከም ሳዕቤን ናይዚ ኣብ ሃገርና ኣመራጋ ዝኸይድ ዘሎ ቅጥዕታት ሕክምና፥ 26 ሚልዮን ዜጋታት መድሕን ጥዕና (health insurance) ከምዘይህልዎምን 43 ሚልዮን ድማ ኣብ ጠልጠል ከምዝህልዉን ዝኹበር እዩ፡፡ ቁንቁኛኡ ዘየርድኣካ ሓደ ነገር ኣሎ፡፡ ንሱ ድማ ሃገርና ኣመራጋ ካብተን 11 ዝለዓለ ኢታዊ ዘለወን ሃገራት ክሳዕ ብዅትህዮ ኣገልግሎት ጥዕና ግን ናብ መበል 37 ደረጃ ተደፊኣ ትርከብ ምህላዋ እዩ፡፡ እዚ ውድቀት እዚ ዘገርም ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ 17% ካብ ሃገራዊ እቶት ጥራይ እዩ ንኣገልግሎት ጥዕና ዝስላዕ፡ (ናብ ምስራሕ ኣጸዋርን ዓውደ ውግኣትን ስግረ ደባዊ ውትህድርናን ዝወጽእ ወጻኢ'ኸ፧) እዚ ትሑት ሰልዒት ካብ ሃገራዊ እቶት ንብሉ ን366.5% ካብ ህዝቢ ኣመራጋ፡ ኣብ ጉዳይ ጥዕና ውሕስነት ከምዘይብሎም ገይሩዎም ይርከብ፡፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ዝተራእየ ጽዕት ወሰኽ 160% ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ፡፡ እዚ ማለት ንሓደ ወፈሩ ንኣፉ ዝኾና ጥራይ ሐዙ ዝኣቱ ሰራሕተኛ፥ 14 ሽሕ ዶላር ጸዕት ተወሲኹዎ ማለት እዩ፡፡ ከም ወጻኢት ናይዚ ኣብ ንስድራ ዘዕንግል ሰራሕተኛ ቁጠባ ናይ 8.9 ዝቐባ ኣርእዩ፡፡

"ዘሰደምሚ ጉዳይ እንተልዩ እቲ ንሕና ኣመራጋውያን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ኣብ ጉዳይ ጥዕና ኣብ ምጽወታ ናይ ሰብኣውያን ማሕበራት ወዲቕን ብምባል እናሓጨጭና፥ ከምቲ 'ትምኻሕ ትምኻሕ (ደሓር) ኣብ ርእሰካ ኳሕ' ዝበሉዎ ምኳኑ እዩ፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሓት ካብ ዜጋታትና ናብዚ ደረጃ እዚ ብምውዳቖም መሰሓቕ ሽረፋት ኳንና ንርከብ ኣለና፡፡ ካብዚ ዝቐለ፥ ኣመራጋ ብመንጽር መዳናታታ፥ ካብ ዝወለዱ ዕሾላት ብህይወት ናይ ምስራር ዕድል "ትሑት" ተባሂላ እትጥቀስ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡ ብዘይካዚ ብዝለዓለ ርእሰ ቅትለት፥ ሞትን ሕዱር ሕሞማትን እንጥቀስ ሃገር ኳንና ምህላውና እውን ይፍለጥ፡፡ ንሕና ከም ሰልጡን ሕብረተሰብ መጠን፥ ዝለዓለ ወጻኢታት ንኣገልግሎት ሕክምና እናገበርና ክለና፡ ብኣንጻሩ ዝኸፍኣን ዝተሓተን ኣገልግሎት ንረክብ ምኳንና ግርምቢጥ እዩ፡፡ ኣብዩም ዝሓለፉ ዕቑዓት፥ ብዙሓት ዘይብቑዓት ፖለሰታት ተኻይደም፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ፥ ኣሉታዊ ጽልዋታቶም ኣብ ቅርጽን ኣቃውማን ሕብረተሰብ ምዝንባል ፈጢሮም፡፡

"ከም ሃገር እቲ ካልእ ጉሉሕ ድኻምና፥ ኣብ ሜላ ምክልኻል (ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኸልካ ጥዕና) ቀዳምነት ሂብና፥ ነኸሰና ዘዩንእርሕ ምኳንና እዩ፡፡ ስርዓት ኣመራጋ ኣብ ክንዲ ናብቲ መሰረታዊ ሕክምናዊ ጠለብ ዜጋታት ዘድህብ ምስ ዓበይቲ ኮርፖሬሽናት ሕግዝብግዝብ ምግል ዘዘዘሕ እዩ፡፡ በዚ ድማ ፖሊቲከኛታትና እዞናም ኑቲ መሰረታዊ ኣውያት ናይ ዜጋታትና ንኽሰምዕ ኣየለማመዱዎን፡፡




"ኣብ መደምደምታ" ይብል ኣመራርዊ መዲካል ዶክተር ጀምስ ከይ ኤልሲይ፥ "መሰረታዊ ሽግርና ንዘይተሓታትነት ከም ንብር ርዒምናዮ ምኻድና'ዩ፡፡ እዚ ከይኣክል ድማ፥ ብዮኩን ወልፍታት ሽጋራን ኣልኮልን ሓሽሽን ንደብስ ምህላውና እዩ፡፡ ፖለሰታትናን ሓይልታት ግቡታን (ኮርፖረሽናትን) ንቅጥዕታት ኣገልግሎት ጥዕናና ዓጠምጠም ኣቢሎሞ እዮም፡፡ ከም ሃገር፥ እዚ ንደረጃ መኑብርና፥ ድሕነትና፥ ናይ ኣቕርቦትን ተጠቃምነት መሰሉትናን ኣብ ከበድ ፈተና ዘእቱ ስግኣት፥ ድሕሪ ደገም ክንጸወሮ ይኹን ክንድግፎ ኣይግቦኣን፡፡ ስለዚ ሰር በዙኽ ምትዕርራይ የድሊ ኣሎ" ክብል ይዛዝም፡፡

ማዕከን ዜና ኣልጀዚራ ኣብ ናይ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ ግንቦት "will millions Of Americans lose their health Insurance፧" ክብል ኣብ ዘቕረቦ መደብ'ውን እዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡ ነይሩ፡፡

"ብሚልዮናት ዝቖጸሩ ኣመራጋውያን ኣብ 2026 ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ንምኽፋል ክጸገሙ'ዮም፡፡ ምኽንያቱ - ትካል ኣገልግሎት ጥዕና ኣመራጋ፥ እቲ ካብ ፌደራል ክረኽቦ ዝግበኦ ሓገዝ ብምቁራጹን ከም ሳዕቤኑ ዋጋታት ሕክምና ጥርዚ ብምዕራጉን እዩ፡፡ ብኸምዚ ጀሚሩዎ ዘሎ፥ ሓገዝ መንግስቲ እንተደኣ በርዒኑ፥ ብሚልዮናት ዝቖጸሩ ኣመራጋውያን ናብ ከበድ ናይ ጥዕና ቅልውላው ክወድቁ ምኳኖም ርጉጽ ኳንካ ምዝራብ ይከኣል፡፡ ከም ሳዕቤን ናይዚ፥ ብዙሓት እቶም ካብ ዓበይቲ ከተማታት ምሕደግ ኢሎም ወይ ኣብ ርሑቕ ዓድታትን (ገጠራት) ንኣሽቱ ከተማታትን ኣገልግሎት ዝሀቡ ዝበሩ ትካላት ሕክምና ብምዕጻዎም፥ ዜጋታት ኣገልግሎት ሕክምና ንምርካብ ናብተን ዓበይቲ ከተማታት ብምኻድ ብናብራን ወጻኢታትን ይዛኑበሉ ኣለዉ፡፡ ንምኳኑ ኣብዚ ካብ ዓለምና ዝሩብተመት ሃገር እትበሃል ኣመራጋ፥ ከመይ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣገልግሎት ሕክምና ኣዝዩ ክቡርን ዝተሓላለኸን ዝኾውን ዘሎ፧" ኢሉ ብምግራም'ዩ ንሰማዒ ይጭቡቶ ብዘዖይኑ ዝዛዝም፡፡

**Washington (AP) ቅድም ኢሉ ዝጸሓፎ ሰድ እውን ብጽምቑ ዝበለ ምስ እንወስስ፤**

"ንተጸበይቲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ዝኾኑ ጸገማትን ዓመታዊ ማሕበራዊ ድሕነትን ኣመልኪቱ ዝቐረበ ምሕጻንታ ከምዝሕጸሮ፥ እቲ ብመንግስቲ ኣመራጋ ንሕክምናዊ ድሕነት (ኢንሹራንስ) ተባሂሉ ዝድጎም ዝበረ ገንዘብ፥ ብድሕሪ ሕጂ ክንደየናይ! እዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ክመናኖህ ዝኽእል ገንዘባዊ ትሕዝ ማሕበራዊ መደባት'ዚ፥ ንፖሊቲከኛታት ዘሰንብድ ክዉንነትዩ ዝፈጥር ዘሎ፡፡ ቅድሚ ኮርና ምምጽኡ ንቅጻሊ ዓመት ተባሂሉ ንሓገዝ ዝተተመነ ገንዘብ ዝጥፍኣሉ ኣመት (forcasted) ተረጺዩ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ግን ካብዩም ብድኅማ ዝሉፉ ሚልዮናት ብሕማም ኮርና ስለዝተገደኡ ዝሞቱ፥ እዚ ከም ሓደ እፎይታ ተረጺዩ፡ እቲ ድኅማ ንሓደ ዓመት ክቕጽል ዕድል ተረኺቡ ነይሩ፡፡ ተጸበይቲ ድኅማ ሕክምና ድማ፥ ክቕጽል'ዩ ዝበል ተሰፋ ነይሩዎም እንተኾነ ግን ኣይከም ባህጎምን፡፡ (ሕጂ'ውን ኣፀጫ ይቀላቐል ኣሎ) ካብዩም ኣብ ሕክምና ደቂሶካ ግቡእ ሕክምና ዝተዩደሎም ዝበረ ገለ ሕሙማት፥ ናብ ካብ ገዛ እናተመላለሶካ ዝወዓኑ ተቐይሮም ኣለዉ" ዝብል መግለጺ ኣሰፊሩ ንረኽብ፡፡

ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ሓደ ብመገዲ ተራዝም ኣብልካ ንተኣለይቲ ኣረጋውያን ዝግበር ወጻኢ ናይ ምንካይ ጥበብ እዚ ዝስዕብ ንረክብ፡ ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ (ወቕቲ) ዛሕሊ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት፥ ብርቱዕ ቀዝሒ ዝወርደሉ ብምኻኑ፥ በቲ ዛሕሊ ብቑዓምነት ዝጥቅዑ ተኣለይቲ ኣረጋውያን እዮም፡፡ ስለዚ ንሕክምናዊ ኣገልግሎቶም ዝግበር ወጻኢ፥ ኑየም ነቲ ዘካይዱ ትካላት ዘይጸውር እዩ ዝኾኖም፡፡ ስለዚ ካብተን ተፈጥሮ ጹሓይ ኣብዚሓ ዝዓደለን ሃገራት፥ (ኑተን ናይ ዛሕሊ እዋናት ክሳብ ዝሓልፍ) ነቶም ኣረጋውያን ብጽምላ ምጡን ኣገልግሎት ሂበን ከም ተረስት ዝሕዛሎም ሃሰው ይብሉ፥ ነዚ ከም ስራሕ ዝወሰደት ትካል ወይ ሃገር ድማ ተሰማሚዓ ኑቲ ዝተወሰነ እዋን ትሕብሕቦም፡፡ ሕሉፍ ዝኸርና እንተድኣ ኣበራብርና ብመራኸብ ገይርም ዓዲ ዓዲ ኩሉል ዝበሉ ሽማግሌታት ዝጠዘሉዎም "ቱረስት" ተዓዚብና ኣለና፡፡

ገለ ካብዩም ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ቤተሰብና ይኹኑ እንፈልጦም፥ ብኢጋጣሚ ናብ ዓድና ኣብ ዝመጽኡሉ፥ "ናብ እንዳ ኮርያ ወይ ሕክምና ዓይኒ ማይ ተመናይ፥ ሕክምና ኩርምቲ ሬጋ ሓዚልና" ክብሉ ኣይሰማዕናን ዲና፧ ኑቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ክዉንነት ዝለጸልና እውን ኣይሰኣኑን፡፡ እዚ ክበሃል እንከሎ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ብፍላይ ኣመራጋ ብምዕቡል መሳርሒታት ዝተደገፈ ሕክምና የለን ማለትና ኣይኮነን፡፡ የጒዳስ ሕክምና ማለት መሰል ዘይኮነ ገንዘበ'ዩ ንምባል ኢና፡፡

**ብመንጽሩ ኣገልግሎት ጥዕና ኤርትራ ከመይ ይመስል፧**

ከምቲ ተኽለ፥ ዳሕራይ ንዘኾና ከሎ ዀ ካብ ፈልሱ ዝጸምጸም፥ ሃገራትን መንግስታትን ድማ ከሎ ዀ ብፖለሲታተን እዋን ዝጸምጸም፡፡ ስለዝኾነ ድማ፥ እቲ "ኣድማሳዊ ሽፈን ጥዕና" እናተባህለ ዝገለጽ፥ ንኤርትራ ሓድሽ ኣምር ኣይኮነን፡፡ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ክሰረሓሉ ዝጸንሐ ኮይኑ፥ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ብ13 ሕዳር 1991 ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ቀጽሪ 22 ቀዳማይ ዓመት ዘውጽኦ ናይ ፈለማ ሃገራዊ ፖሊሲ ጥዕና፥ ምስቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቱ ኣብ ለካቲት 1994 ዝወጸ ሃገራዊ ቻርተር ህዝባዊ ግንባር ዝሃንጸበልሉሓሳብ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ግብሪ ተሳንዩ ንክኸይድ ብመብጽዓ ዝተሰርሓሉን ምንባሩ ብምብራህ'ዩ ዶክተር ምስግና መግለጺኡ ዝፍልም፡፡

ብመሰረት መግለጺ ኣማኻሪ ሚኒስተር ጥዕናን ስትራቴጂስት ህዝባዊ ጥዕናን ዶክተር ምስግና ጉብረሂወት፥ እቲ ብ1991 ዝወጸ ሃገራዊ ፖሊሲ ጥዕና ኤርትራ፥ ኣብ ሰፊሕን ምዕሩይን ዝርግሐ ኣገልግሎታትን ዕድላትን ዝኣምንን ንኡ ዘተግብርን ርእሰ ምርኩሳ ዝሕመረቱ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ብዙሓት ጽላታት ዘዋስኦ እዩ፡፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝማዕበሉ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሕለገየም መትከላት ህዝባዊ ግንባር ድማ ቀንዲ ኣምራት መሰረታዊ ክንክን ጥዕና እዮም፡፡

ዶክተር ምስግና ከምዝሓበሮ፥ ህዝባዊ ግንባር ንመሰረታዊ ክንክን ጥዕና ቅድሚ ብደረጃ ዓለም ኣብ 1978 ኣብ ከተማ ኣልማኣታ ናይ ሶቬት ሕብረት (ሕጂ ናይ ካዛኪስታን) ምእዋጁ'ዩ ብኢጋር ሓኪይምን ካልኦት ሞያውያን ጥዕናን ጀሚሩዎ፡፡ ኣብ 1978 ድማ ብጠዞዳ ኣሐቊሉዎ፡፡ ስለዚ፥ ዋላ'ኳ ኣብቲ ግዜ'ቲ "ኣድማሳዊ ሽፈን ጥዕና" ተባሂሉ ስያመ እንተዘይተዋህቦ ብተግባር ግን ቅድሚ 50 ዓመታት ዝጀመረን ባዕሊ ኮይኑ ኣብ ግብሪ ን50 ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ኣምር'ዩ፡፡ ቀንዲ መለለዩኡ ድማ ተበጻሕነት ወይ ምዕሩይ ዝርግሐ ኣግልግሎታት ጥዕና እዩ፡፡ እዚ ዝተጠቕሰ ብሰለስተ መሰረታውያን (Pillars) ኣዕኑድ ክዕየር ይከኣል፡፡

- ቀዳማይ፥ ኣገልግሎት ንዘይበጽሖ ወይ ተኣፊጉዎ ንዘጸንሐ ክፋል ሕብረተሰብና ኣገልግሎት ጥዕና ከም ዝበጽሖ ወይ ተኻፋሊ ጺጋታቱ ምግባር፡፡

ካልኣይ፥ ንበቕዓት ትካል ጥዕና ዝገልጹ፥ ክህልዉ ዝግበኦም ወይ ዝኑድሉ ኣገልግሎታት ኣብ ምምላእ ሓደስቲ ኣገልግሎታት ወይ ተክኖሎጂታት ምትእትታው፡፡ ብሓጺሩ ኣብ ምምላእ ሃጓፋትን ምስፋሕ ብዝሕነት ዓይነት ናይቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታትን ዘተኩረ እዩ፡፡

ሳልሳይ፥ እቲ ዘሎ ተበጻሕነትን ዓይነትን ኣገልግሎታትን ጥዕና ምስ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ተገልጋሊ ዝዳረግ ደዩ ወይስ ልዕሊ ዓቕሙዩ ምርግጋጽ፡፡ እዚ ንምርግጋጽ ወይ ንምትግባር ድማ ቀጻሊ መጽናዕትን ክትትልን የድሊ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ኣገልግሎት ጥዕና፥ ህዝቢ ብዓቕሙ ክረኽቦ ዘይክእል ልዕሊ ዓቕሙ ብምኳኑ ከም ዘይናቱ ዝቖጽሮን ዘይጥቀመሉን ኣገልግሎት እንተኾይኑ ኑቲ ዝጠዘለ ክፋል ህዝቢ ዳርጋ ዘለ'ዩ፡፡ ዋጋ ናይ'ቲ ዝቐርብ ኣገልግሎት፥ ንተገልጋሊ ቀጥባዊ ማህሰይቲ ዘውርደሉ ምናልባት'ውን ናብ ድኽነት ገጹ ከምርሖ ዝኽእል ክኸውን የብሉን፡፡ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ዝደለየሉ እዋን፥ ሕሙም ካብ ጁብኡ ዝኸፍሎ ወጻኢታት፥ ማለት ንሕክምናዊ መርመራን መድሃኒትን ዝኽፈል ቀጥታዊ ወጻኢታት ጥራይ ዘይኮነ፥ ዘይቀጥታዊ ወጻኢታት ማለት ንመጎዓዝያን ካልእ ወጻኢታት ጉዕዞን ሃልክን፥ ኣሰይትን፥ እንተላይ ሕክምና ንምርካብ ዝጠፍእ ግዜን ብኮራት ስራሕን ዝጠቓልል'ዩ፡፡ ስለዚ እቲ ዝውሃብ ኣገልግሎት ጥዕና ነዞም ዝተጠቕሱ ግምት ዝሀበ ደዩ ዝብሉ መሰረታዊ መትከል እዩ፡፡

ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መንእሰያትን ኣድምሞን

ኣግርሞት እቲ ሓደ ነገር ካባኻ ዝዓበየ ኮይኑ ኣብ ዝስምዓካ ህሞት፡ ንሓጺር እዋን ትንፋስካ ዝወስድ ዲቕ ዝበለ ስሕበት እዩ።



መድረኽ ማና

ኣብ ሓደ ምሸት ሓቢሮም ዘወር እናበሉ እንከለዉ ዘውግዕዎ ዕላል ናይ ክልተ ኣዕሩኽ መንእሰያት እዩ። ሓደ ካብ ኣዕሩኽ ንዓይኒ ልቦናኡ ዝማርኽ ትሪኢት ሰማያት ተዓዚበ'ሞ፡ ብዛዕባ'ታ ደሚቓ ትበርህ ዝነበረት ወርሒ ዝተሰምዖ ዓሚቝ ኣግርሞት ንዓርኩ ከካፍሎ ፈተነ።

ወዮ ነዚ ዕላል ዝሰምዕ ዝነበረ ዓርኪ ግና ብስምዒት ብጻዩ ብዙሕ ኣይተገደሰን ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ቅድድ ኢሉ ተወሊዑ ዝነበረ ሰማያት መሊኡ ከይርኣየ፡ ከም ውሁብ ኰነት ክሓልፎ ፈተነ። መኣስ ንሱ ጥራይ፡ ብዛዕባ ባህርን ጽባቐታቱን ኣብ ዲቕ ዝበለ ክትዕ እንከለዉ፡ ኣብ ስርዓት መራኸቢታትን ስለያን ዝነጥፉ ሳተላይታት፡ ጭልምልም ዝብል መብራህቲ ወሊዐን ብርሑቕ ሰማያት ይሓልፋ ነበራ። ካልኣይ ዓርኪ፡ በዘን ተር ኢለን ብጒጅለ ዝሓልፋ ዝነበራ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሓ በረርቲ'ውን ብዙሕ ዘይምምሳጡ ብተግባር ኣረጋገጸ።

በዚ ዘይተሓጕሰ ቀዳማይ ዓርኪ ስለምንታይ በቲ ኣደናቒ ባህርያዊ ኵነት ኣይተመሰጠን ንኻልኣይ ዓርኪ ተወከሶ። መንእሰይ ክንሱ፡ ብነገራትን ፍጻመታትን ክንድኡ ዘይግረም ምኳኑ፡ ምስ ከቢድ ስንፍና ዝተኣሳሰር ክኸውን ከም ዝኽእል ኣመተሉ። ካልኣይ ዓርኪ ግና ኪኖ "እዚ'ሞ እንታይ ሓድሽ ነገር ኣሎዎ'ዩ፡" ምባል ተሪሩ ክማጐት ኣይከኣለን። ደሕሪ ነዊሕ ክትዕ ኣብ ሓይሊ ኣግርሞት ክንድኡ ዘይግደስ ምጽንሑ ምስ ዓቢ ድኻም ዝተኣሳሰር ምኳኑ ብልቢ ተሰዊጡዎ እዩ። መግለጺታትን ምጕታትን ዓርኩ ምስ ሰምዐ፡ መንእሰይ ኳንካ ሓታታይ፡ ተገራማይን ኣድናቓይን ነቓፋይን ዘይምኳንካ ዘደንጹ ክስተት ምኳኑ ብልቡ ኣሚኑሉ። ብፍላይ ዓርኩ፡ "ወዲ ሰብ ምግራም እንተ ኣጥፊኡ፡ ካን ኣኺሉዎ መቓብር ጥራሕ እዩ ዝጽበዮ፡" እትብል ዓሚቝ ፍልስፍናዊት ትሕዝቶ ዘሎዋ ጥቕሲ፡ ናይቲ ፍሉጥ ኤርትራዊ ደራሲ በየነ ሃይለ ጥቕሲ ምስ ደገመሉ፡ ምስ ገዛእ ድኽመታቱ ፊት ንፊት ተፋጢጡ። ኣብ ብዙሓት ጕዳያት ዝጸንሐ ድሩት ኣፍልጦ ብምግምጋም፡ "ብርግጽ ኣብ ኑመት (hibernation) እየ ዘለኹ፡" ክብል ድኽመታቱ ተቐበለ።

ደራሲ በየነ ሃይለ ነዚ ሓሳብ'ዚ ክጽሕፍ ከሎ፡ ሰብ ካብቲ ንቡርን ልሙድን ወጻኢ ንዓለም ብናይ ጥበብን ሕቶን ዓይኒ ክጥምታ ከም ዘሎዎ ንምምሃር እዩ። ቀንዲ ምንጪ ስልጣነ ናይ ምግራም ጥበብ ምኳኑ፡ ምግራም እንተ ዘይሃልዩ፡ ነቲ ረቂቕን ውሕሉልን ሕቶታት ህይወት፡ 'መደራጕሕ ምላሽ ዓያሹ' ክጸቕጦ ምኳኑ ጽሑፋቱ ይገልጹ። ንሕናኸ ከም መንእሰያት ናይ ምግራም ዝምባለና ኣብ ከመይ ኵነታት'ኮን ይህሉ ይኸውን፧ ብባህርን ዓሚቝ ጥበባቱን ንምሰጥዶ፧ ኣብ ከባቢና ዝፍጸም ምዕባለ ብደቂቕ ነስተብህለሉዶ፧ ዕላላትና ብዛዕባ ምንታይ እዩ፧ ሃናጺ ዶኾን ይኸውን ዋላስ ጸማዲ፧ ህሉው ዓለማዊ መድረኽ ብኸመይ ነንብቦ፧

ኣግርሞት ወይ ከኣ ኣድምሞ ክንብል እንከለና፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ባህርያት ሰብኣዊ ፍጡር ኮይኑ፡ ሰብ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ነብሱን ከባቢኡን ዘንጸባርቖ ናይ ምስድማምን ምድናቕን ስምዒት እዩ። ኣግርሞት ንናይ ምስትንካር፡ ተምሳጥን ደስታ ስምዒታት ሰብ ዘውክል፡ ኣብ ደቂ ሰብ ጥራይ ዝርከብ ፍሉይ ክብሪ ምኳኑ ይጥቀስ። ሶቅራጦስን ኣሪስቶተልን ዝርከቡዎም ካብ ጥንታውያን ግሪኻውያን ፍላስፋታት ከኣ 'ኣፍደገ ዓሚቝ ጥበብ ናይ ኣግርሞት ስምዒት እዩ' ዝብል እምነት ከም ዝነበሮም መዛግብቲ ይሕብሩ።

"ሰብ ንምንታይ ክግረም ኣገዳሲ ይኸውን፧" ዝብል ሕቶ፡ ኣብዚ ህሞት ክንምልሶ ዝግባእ እዩ። ብዕግበት ክነብር እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ምስጢራውነትን ትንግርታውነትን ህይወት ድልዱል ኣንክሮ ክህሉዎ ግቡእ ምኳኑ ብዙሓት ዝሰማምዕሉ ሓቂ እዩ። ኣብ ናይ ኣግርሞት ዓለም፡ ዘውትር ዝብሃል መግለጺ ቦታ ዘሎዎ ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህሞት ሓደስቲ መስተንክራውያን ምዕባለታት ይፍጸሙ።

ኣግርሞት ኣብ ስቕታ፡ ህድኣትን ኣቓልቦን'ዩ ዝነብር። ኣግርሞት እቲ ሓደ ነገር ካባኻ ዝዓበየ ኮይኑ ኣብ ዝስምዓካ ህሞት፡ ንሓጺር እዋን ትንፋስካ ዝወስድ ዲቕ ዝበለ ስሕበት እዩ። ዕራርቦ ጸሓይ፡ ጽባቐታት ጫካ፡ ምቁር ሙዚቃ፡ ኣሰንባዲ ሓበሬታ፡ ዘይልሙድ ምዕባለታት፡ ንኣእምሮ ደው ኣቢሎም ናብቲ ዓሚቝ ውሻጠ የህትፉ። ኣብ ናይ ኣግርሞት ህይወት፡ ዓለም እናሻዕ እትውለድ ሓዳሽ ፕላነት እያ። ኣብ ናይ ኣግርሞት ዓለም፡ ህይወት ዝሰፍሐትን ዝያዳ ሓጐስ ዝመልአትን ምኳና ትፈልጥ። ሓደ ሰብ ንዘኾነ ነገር፡ ዋላ ንሓንቲ ስንቂ ሳዕሪ ብዕምቈት ኣተኩሩ ኣብ ዝተዓዘበሉ ህሞት፡ ንሱ ንባዕሉ ኣካል ናይ ሓደ ኣዝዩ ምስጢራዊ፡ ዘግርምን ዘፍርሕን፡ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል መስተንክራዊ ክውንነት ይኸውን።

ህቡብ ስነ ፈለከኛ ኒል ኣርምስትሮንግ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ "ብሓቂ ንምዝራብ፡ ምድሪ ብኣንፈት ኮኾብ ሄርኩለስ ኣብ ሰዓት ኣሸሓት ማይላት፡ ናብ ገለ ዘይፍለጥ መዕረፊ ኣብ ቀስሞስ ገጻ ትጓዓዝ ኣላ፣ እዚ ከኣ ኣሻቓሊ እዩ፡" ክብል ተዛሪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ርእይቶ ኣርምስትሮንግ፡ 'ወዲ ሰብ ዕድሉ ንምርዳእ ኣድማሱ ክርድኦ ክኽእል ኣሎዎ' ናብ ዝብል መደምደምታ ዝወስድ እዩ። ኣብ መዓልቲ ንሓሙሸተ ደቒቕ ከይተረፈ መዓልታዊ ናይ ኣግርሞት ስምዒት ዝስምዖም ሰባት፡ ብዛዕባ ስነ ጥበብ፡ ሓድሽ ስነ ፍልጠታዊ ርኽበታት፡ ፍልስፍና፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ህይወትን ሞትን ዝምልከት ሕቶታት ዝያዳ ክፈልጡ ይኽእሉ።

ኣግርሞት፡ ቀንዲ ኣፍደገ ናብ ነቕፌታዊ ኣተሓሳስባን ዓሚቝ ግንዛበን እዩ። ብፍላይ ከኣ ንመንእሰያት። መንእሰያት፡ ኣብቲ ሰፊሕ መስርሕ ምስናኽ ፍልጠትን ብቕዓትን ብዛዕባ ነገራት ከመይ ይዕቀኑን ይምዘኑን ዝመሃሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ከመይ ገይርካ ምግራም ከም ዝስምዖም ክትገብሮም ይከኣል ኣብ ዝብል ንጥቢ ግና ብዙሕ ድኽመታት ምህላዉ ርእሰ ግሉጽ እዩ። ዘይግረም መንእሰይ ማለት ከኣ ዘይመራመር፡ ንለውጥን ምዕባለን ቀሩብ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሁብ ኵነት ዝነብር፡ ካብ ውሑስ ዓንኬል ናይ ምውጻእ ከቢድ ራዕዲ ዘሎዎ ኮይኑ፡ ንሓድሽ ሓሳባት ክፉት ዘይምኳኑ፡ ጾር ሕብረተሰብ ተባሂሉ ክግለጽ ዝከኣል እዩ።

ንኣብነት፡ ናብ ካልእ ከይከድና ብዛዕባ ኣብ ኣካላትና ዝፍጸም፡ ወይ ከኣ ኣካላትና ሓቝፉዎ ዝርከብ መስተንክራዊ ምስጢራትሲ ክሳዕ ክንደይ ንድነቕሉ ንኸውን'ስከ ውሽጥና ንመርምር፧ ኣዒንትና ንነገራት ገምጢሉ ከም ዝርእየ፡ ኣእምሮ ግና እቲ ሓቀኛ ምስሊ ናይ ምቕራብ ተራ ከም ዘሎዎ፣ ርሃጽ ካብ ኣካላትና ቅድሚ ምውጻኡ ደስ ዘብል ሽታ ዘሎዎ ምኳኑ፡ ድሓር ግና ብሰንኪ እቲ ኣብ ቈርበትና ዝጸንሕ ባክተርያ ዝስዕብ ሕማቕ ጨና ዝብከል ምኳኑ፣ ኣፍንጫ ደቂ ሰብ ልዕሊ 400,000 ዓይነታት ጨና ክፈላሊ ዝኽእል ምኳኑ፣ ኣብ ኣካላትና ልዕሊ 96,560 ኪሎ ሜተር ዝቕመቱ ሰራውር ደም ምህላዉ፣ ጸላም ከብዲ ልዕሊ 500 ዝኸውን ዝተፈላለየ ዕማማት ኣካላት ደቂ ሰብ ከም እትዓምም፣ ... ንፈልጥዶ፧ እዚ ሓቅታትከ የገርመናዶ፧

እምበኣርከስ፡ ናብ ክትዕ ናይቶም ክልተ መንእሰያት ንመለስ። እቲ ዝነበረ ኵነታት ኣዝዩ መሳጢ ምንባሩ ኣቐዲምና ተዛሪብናሉ ኢና። እቲ ኣብ መንጎ ክልተኦም ዝተፈጥረ ንሓይሊ ኣግርሞት ኣተኲሮ ዝገበረ ሰፊሕ ክትዕ ግና ሓደ ሓቂ ዘጕልሕ እዩ። ንሱ ከኣ፡ እቲ ቀንዲ ምስጢር ምውናን ሓያል ናይ ኣግርሞት ዝምባለ፡ ባዕላዊ ድሉውነት ምኳኑ። ነቲ ኣብ ወርሒ ሓያል ተምሳጥ ዝሕደረ መንእሰይ፡ ተገራሚ ክኸውን ዝሕግዞ ፍሉይ ባህርያዊ ትዕድልቲ ዝነበሮ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ መስርሕ እዩ ኣማዕቢሉዎ። ኣብ መስርሕ ከኣ እቲ ፈላማይ ምግራም ዝያዳ ምግራም ዝወልድ ምኳኑ ተማሂሩ።

እቲ ኣብ ሓይሊ ኣግርሞት ብዙሕ ተገዳስነት ዘይጸንሐ መንእሰይ ድማ ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደሎ ናይ ምግራም ስምዒት ህያው ክገብሮ እንተ ኮይኑ፡ እንተወሓደ ምስ ሓደ ብነገራትን ፍጻመታትን ዝድነቕ፡ ኣብ ንቑሕ ኣስተብህሎ ዝነብር መንእሰይ ድልዱል ምሕዝነት ክምስርት ኣድላዪ ምኳኑ ብተግባር ተማሂሩ እዩ።

ሓሳባት

# ምዝናይ የዘንግዕ እዩ

"ከም ጎብየ ጻዕራም፡ ከም ማንቲለ ከኣ ፈጣናት ንኹን።"

ኣብ ህይወትና ኣካይዳ ጎብየ ክህሉወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምናልባት ኣካይዳ ጎብየ ብግቡእ ንዘይርድኦ ሰብ፡ ኣዝዩ ኣሰልካዩ ኣካይዳ ክመስሎ ይኽእል እዩ። ግናኸ ብምስትውዓል እንተ መርመርናዮ፡ ኣካይዳ ጎብየ ዝኽተል ሰብ እቲ ኣዝዩ ዕዉትን ዓቃልን፡ ሕልሙን ዕላማኡን ዝኽተል ሰብ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ። ግደ ሓቂ ከኣ ኣብ ህይወት ንጡፍ ኩን ዝሑል፡ ንፋዕ ኩን ሕማቕ ብዘየገድስ፡ ኣብ መወዳእታ ዕዉት ሰብ ዲኻ ወይስ ከም ማንቲለ መንፋዕትካን ብስለትካን ዝድቐሰካ ሕማቕ ሰብ ኢኻ እዩ እቲ ኣውራ ነገር።

ኣካይዳ ጎብየ፡ ኣዝዩ ጻዕራም ኣካይዳ ኮይኑ ንዕላማካ ብኸመይ ጽዒርካንደኺምካን ዓወት ትጭብጥዩ ዝልለ፣ ኣካይዳ ማንቲለ ግና ብትዕቢት ዝተነፍሐ ኮይኑ፡ ቀልጢፉ ዝወድቕ፡ ነዊሕ ዘየስጕም፡ ርሑቕ ዘየብጽሕ፡ ... ኣካይዳ እዩ። ሓይልኻን ጸዓትካን በሊዑ ከኣ ኣብ ውድቀት ዘንብር እዩ። ኣካይዳ ማንቲለ ኣብ ትዕቢት እምበር ኣብ ጻዕርን ሓርኰትኰትን ስለ ዘየድህብ እዩ ከኣ ማንቲለ ኣካይዳ ጎብየ ዝሕቱልን ድስኩሉን ኢላ ስለ ዝሓሰበት ክትዛነ ዝመረጸት። እቲ ጻዕራም ጎብየ፡ ነቲ ዕሽነት ንማንቲለ፡ ንእኡ ግና ጽብቕቲ ዕድል ክጥቀመላ ስለ ዝኸኣለ እዩ ክዕወት ዝኸኣለ። ስለዚ ማንቲለ ፍጥነታ ኣይጠቐማን፡ ጎብየ ከኣ ዛሕሉ ኣይጐድኦን፡ ኣይሃሰዮን። እንታይ ደኣ እቲ ዘይሕለል ዓቕሉን ዕላማኡን ይመርሖ ስለ ዝነበረ፡ ንድቃስ፡ ምዝንጋዕን ምዝናይን ከኣ ጸግዑ ስለ ዘይገበሮ እዩ ክዕወት ዝኸኣለ። ደሓር ከኣ ኣብ ህይወት ኩሉና ሰባት ሓደ ኣይኮናን። ኣብ ብቕዓትና፡ ጸዓትና፡ ሓይልና፡ ኮታ ኣብ ኩሉ ነገርና፡ ድኻም፡ ሕመቕ፡ ጕድለት ብቕዓት ክህሉወና ይኽእል እዩ። ኣካይዳ ጎብየ ግና ነዚ ኩሉ ኣሳጊሩ፡ ናብ ዓወት ክመርሓና ዝኽእል ንርሑቕ ዝጠመተ ኣካይዳ እዩ።

ስለዚ፡ ኣካይዳ ጎብየዶ ወይስ ኣካይዳ ማንቲለ እዩ ንህይወትና ብዓወት ዝመርሓን ዝጠቕማን እስከ ንመርምር። ህይወትናኸ ብኣካይዳ ጎብየዶ ወይስ ኣካይዳ ማንቲለ እያ ትምራሕ ዘላ እስከ ነስተንትን። ናይ ብሓቂ ሰብ ዕላማ፡ ውሽጥና መሊኹና፡ ሽቶና ኣብ ምጭባጥ ንጓዓዝ ሰባት ዲና ወይስ ንናይ ሰባት ክብርን ፍናንን ንነብር፡ ውሽጥና ዘይንፈልጥ፡ ብትዕቢት እናተነፋሕና እንጓዓዝ፡ ኣብ ባይታ ግና ባዶ ዝኾንና ዓይነት ሰባት ኢና፧ ኣካይዳ ህይወትና ፈሊጥና፡ ሃየ ደኣ ኣመራርሻናን ኣካይዳን ህይወትና ደኣ ነቕንዕ።

ሓበን ክሰተ

ቤ/ጽ/ህግደፍ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተጸዋዒት ቁ.1. የውሃንስ ረዳ ብስራት ቁ.5 ሰመረ ረዳ ብስራት፣ ኣብ ልዕሊኹም፡ ወ/ሮ ምብራቕ ረዳ ብስራት ንወሃብቶ ምጽዳቕ ዝምልከት ክሲ. ኣቕሪባ ስለዝኾነ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲ. ቀሺ. ጸጋይ ማሳፍን ተወልደመድህን ተኸሳሲ. ትኳል ሄርሞን ብለኦትን ሕጡብን ኣኪያዲ ስራሕ ኣቶ የውሃንስ መሓሪ ተኸለየውሃንስ ንሸሸል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊትልኩም ስለዘሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ኣብርሃ በራኺ፥ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ሃብተስላሴ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 12 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ. ኣቶ ሰዒድ ማሕሙድ ሰዒድን ተኸሳሲ. ኣቶ ሳምሶም እያሱ ገብረሩፋኤልን ዘሎ ናይ ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ጉዳይ፥ ተኸሳሲ. ኣቶ ሳምሶም እያሱ ገብረሩፋኤል፥ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፥ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይኩም ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሳዶር የሴፍ ገብረሚካኤል፥ ስም ኣደይ ኣዜመራ ታየ ምባል ተረፉ፥ ኣዜመራ ተኸለ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን 23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሰራቅ የሴፍ ገብረሚካኤል፥ ስም ኣደይ ኣዜመራ ታየ ምባል ተረፉ፥ ኣዜመራ ተኸለ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ዘርእዝጊ. ግርማይ ኣስገዶም ምባል ተረፉ፥ ኬብሮን ግርማይ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ደሃብ ብርሃ፥ ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ መኣዛ ዘወልዳይ፥ ኣብ ልዕለኺ. ንፈጻሚ ዝምልከት ምልክታ ኣቕሪባ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ. ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ናርዶስ ብእምነት ተሰማ፥ ወደይ ግርማይ ኣርኣያ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣቦ መብራሃቱ ፍስሃጼን ኣደይ ብርኽቲ ተሰፉገርግሽ ተማኡ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰምረት ክፍለ ቀለታ፡ ኣደይ የሹ ባህታ ነጋሲ. ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓንደጸዮን ዘርኣይ በኺት፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣረጋሽ በርሀ ባይራሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒ. ኣቶ ፍረዝጊ. ብርሃ፥ ሕሰቡ ብርሃ፥ ደሃብ ኣድሓኖም፡ ብኣመልካቲ በየነ ኣድሓኖም ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ሰለሙን ወልዱ እስቲፋኖስ፥ ወለደይ ኣምለሰት ተሰፉይ ሓየሎም ስለዝዓረፈት፡ ኣቦይ ሚጀር ወልዱ እስቲፋኖስ ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

መርሃዊት መላኺ. ሰባሃቱ ምባል ተረፉ፥ ራሄዋ መላኺ. ሰባሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ትዕበ ኣብርሃም ገብረዋህድ፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ቦኸረጸዮን ኣለምሰገድ ስለዝተሰወአ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ተሰፉይ ክፍሉ፥ ኣዴና ሂወት ተኸለ እምኑ፥ ስለዝዓረፈት፡ 5 ህሉዋት 2 መወትቲ ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣስገደት ተሰፉይ ገብረዝጊ፥ ብዓል ቤተይ ተስፉማርያም ገብረልኡል ክፍለማርያም ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ. ተሰፉ ገብረማስቀል ገብረእግዚኣብሄር (ወኪል ኣቶ ኣማኑኤል ገብረት ተወልደ) ምስ ከሳሲ. ያቆብ ብርሃ ዓንደሚካኤል ንስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

የናስ ዳኒኤል ከሮስ ምባል ተረፉ፥ ሰናይ ዳኒኤል ከሮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን 29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የናታን ኣማኑኤል ደኩኖ ምባል ተረፉ፥ የናታን ኣማኑኤል ደኩኖኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሩምና ገብረሃዋርያት ንርኤ ምባል ተረፉ፥ ቅዱሳን ገብረሃዋርያት ንርኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሄርሞን ረዘነ ወልደገብርኤል፥ ኣቦይ ረዘነ ወልደገብርኤል ጊደና ስለዝዓረፈ፥ ንወላዲትና ወ/ሮ ኣስመረት ዑቕባዝጊ. ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ቅሳነት ክፍለ ሃይሉ፥ ተጸዋዒ. ኣቶ ኣማኑኤል ክፍሎም ጠዓመ ዘሎ ናይ ሞግዚት ምሻም ጉዳይ፥ ተጸዋዒ. ኣቶ ኣማኑኤል ክፍሎም ጠዓመ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፥ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲ. ኣቶ ነጋሲ. ተኸስተ ወልዱ፥ ተኸሰስቲ 3.ወ/ሮ ገኑት ተኸስተ ወልዱ 4.ዮርዳኖስ ተኸስተ ወልዱ፣ ንሲ.ሸል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊትኣልኩም ስለዘሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/ማሰል እንድርያስ ወጽኢት ጂፕሰም ሓዚብማ ኣቶ ግርማይ ዞሚካኤል፥ ብፍ/በ/ዕዳ ሲኛር ቦናልዲ. ማርጌሪታ ፒዝሉንጋ፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ. ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተሰፋልደት ተኸለ ኣብርሃ፥ ብፍ/በዓል ማሰል ሚካኤል ተኸለማርያም፡ ንጉዳይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ. ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ፍሱሓጸዮን ገብረዝጊ. ሃብተስላሴ፥ ኣቦይ ገብረዝጊ. ሃብተስላሴ ኣማርያምን ኣደይ ግደይ በራኺ. ጊላጋብርን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ. ግርማይ ዑቕባይ ህዘቅያስ፥ ኣቦይ ዑቕባይ ህዘቅያስ ተክኤ ስለዝዓረፈ፥ ንኣዴና ወ/ሮ መሓሪት ገብረማስቀል ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረቐ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህን፥ ሓፍትና ሳባ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህንን ሓውና የውሃንስ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህንን ስለዝዓረፉ፥ ወላዲቶም ግደይ ካሕሳይ ከም ኡ'ውን ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/910/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ባርሰባ ተኸስተ ብኢዱ ምባል ተረፉ፥ ኣርሴማ ከስተ ብኢዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰሌሜ ተሰፉሂወት ተወልደ ምባል ተረፉ፥ ሰለሜ ተሰፉሂወት ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የሴፍ ተሰፉሂወት ተወልደ ምባል ተረፉ፥ የሴፍ ተሰፉሂወት ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ሓበሬታ ካብ ሚ/ሪ ዜና

ሚ/ሪ ዜና ብጋዜጣ፥ ቲቪ፥ ሬድዮ፥ ኩሉ ምልክታን ምውዕዋዕን ኣገልግሎት ዝህበሉ ቦታ ኣብ ፎርቶ ዘይኮነ ኣብ ማእከል ከተማ ቤ/ጽ ማርኬቲንግ ጥቓ ጣሕ ኤርትራ ፊት ቤ/ጽ ኣገልግሎት ፖስታ ምዃኑ ንሕብር፡፡ ብዘውሳኺ. ኩልኹም ወሃብቲ ተለቭዥን ዓመታዊ ግብሪ ተለቭዥን ኣብ ማ/ቤ/ጽ ማርኬቲንግ ከም ኡ'ውን ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ፥ ከረን፥ መንደፈራ፥ ባረንቱ፥ ተሰነይ፥ ደቀምሓረ፥ ዓዲ ተከሌዛን፥ ሓጋዝ ቀሪብኩም ክትከፍሉ ነተሓሳስብ፡፡

ሚ/ሪ ዜና

ኣነ ኣመልካቲት ሰናይት እስቲፋኖስ ጎይትኦም፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ፕሎት3 ፓርሰል 15 ጎደና ተጋደልቲ ስፍሓቱ 120 ት/ሜ ዝኾነ ተራ-ገዛ፥ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1፦01187/1 ብስም ሂወት ገብረማርያም ወጨፎ ዝተመዝገበ፥ ብመሸጣ ናብ ግርማይ ተኸለዝጊ. ካብ ሰናይት እስቲፋኖስ ጎይትኦምን ክመሓለለፍ ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነድ ኣቕሪባ ጉዳያ ክፈጸም ምዃኑ ይሕብር፡፡

ሰናይት እስቲፋኖስ ጎይትኦም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተስፋሚካኤል ሃብተ ኤልያስ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ሃብተ ኤልያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስሌና ዳሞጋይ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ዳናይት ዳሞጋይ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወይኒ ታየ ተኽለወልዱ፡ ኣዴና ለምለም ክብርኣብ ተስፋጋብር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ያእቆብ ባዩሩ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ያእቆብ ባሪኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን 27/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅሳነት ኣማኑኤል ገብረኪዳን፡ ተጸዋዒ ባዩረ መሓሪ ኣርኣያ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ቅሳነት ኣማኑኤል ገብረኪዳን፡ ተጸዋዒ ፊሊሞን ዳዊት ሃብተማርያም፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣድያም የዕበዮ ኣብርሃ፡ ተጸዋዒ ሚልዮን ገብረልኡል ዓንደጼን፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ተስፋሚካኤል ይሕደጎ ተኪኤ፡ ኣቦና ይሕደጎ ተኪኤ ወርቁ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተ ጸጋዮ ጉድም፡ ኣቦና ነፍ/ሄር ጸጋዮ ጉድም ገብረሚካኤልን ነፍ/ሄር ብርኽቲ ርእሶም ሓጎስን ብዕለት 15/09/2000 ዓ/ም ብቑ.መዝገብ 23/2000 ዝተዋህበ ወህቡቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/ቤ/መሳል ወ/ሮ ዳናይት ዑቕባጽዮን፡ ብፍ/ቤ/ዕዳ ኣቶ ሃብተ ዓንደም ባህታ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሰዋረ ተኽለ ግርሙ ምባል ተሪፉ፡ ሰዋረ ተኽለማርያም ግርሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዜን ዋሃብረቢ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ መሓመድዜን ዓብደልዋህብ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኀይትኦም ገብረብርሃን ሰለባ ምባል ተሪፉ፡ ኀይትኦም ገብረብርሃን ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ብኣደ ካሳ ምባል ተሪፉ፡ ፊልሞን ብኣደ ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤቴልሄም ደርግኣለም ኣማኒኤል ምባል ተሪፉ፡ ቤቴልሄም በየነ ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ገሊላ ዳዊት፡ ስም ኣደይ ምሕረት ታደሰ መንግስቱ ምባል ተሪፉ፡ ኤደን ታደሰ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ወልኪዳን ተኽለ ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦና ተኽለ ዑቕባሚካኤል ገዛህይን ኣዴና ዘውዲ በርሀን ስለዝዓረፉ፡ 6 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጺጋይ ገብረሚካኤል ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦና ገብረሚካኤል ዑቕባሚካኤል ገዛህይን ኣዴና ኣባዲት ገብረዋህድ ገብረሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ 5 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋስላሴ ኣብርሃለ ወልደሩፋኤል ምባል ተሪፉ፡ ተስፎም ኣብርሃለ ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቶ ፍስሃ ዑቕበ ወ/ገብርኤል፡ ወኪል ገብረሂወት ፍስሃ ዑቕበ፡ ብዓልቲ ቤተይ ገብርኤላ ኣብርሃ ተስፋይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረሓስ ተኽለ የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ሳይሞን ተኽለ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ ኣስመሮም በርሀ ተስፋይ፡ ኣቦና በርሀ ተስፋይ ጉዳርን ኣዴና ንግስቲ ገብረእግዚኣብሄር ተኽሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተስፋገርግስ ተስፋኡ፡ ኣቦና ተስፋገርግስ ተስፋኡ ሰለሙን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊኖ ተስፋሚካኤል ወርቅሉ፡ ናይ ጓለይ መርሃዊት ዘርኣ ደባስ ኪዳነ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ከሰተ ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ጺጋዝኣብ ከሰተ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኢያሱ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣቦና ፍስሃየ ሃይለ ዘርኣብሩኽን ኣዴና ሉተኣምላኽ ገብረሚካኤል ሰዩምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተኽለ ገብረመድህን ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለት ገብረመድህን ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንጸሃ ወልደገብርኤል ተኽለገርግስ ምባል ተሪፉ፡ ንጸሃ ባህታ ዛህላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ታልከ መሓመድ ዓሊ፡ ወደይ ሰዒድ ታልከ መሓመድ ዓሊ ስለዝዝተሰወኑ፡ ንሕና ወለዱ ታልከ መሓመድ ዓሊን ኣዴኡ ናስራ ዑመር ዓሊን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ምሕረት ኣለማ ትኩእ፡ ተኸሳሲ ጠዓመ ኣስበደም ገ/መድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዘይነብ መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ዘይነብ መሓመድ ኣደም ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛህራ ዑስማን መሓመድሸሃይ ምባል ተሪፉ፡ዛህራ ዑስማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

በየነ ሃብታይ ገብረኣምላኽ ምባል ተሪፉ፡ ሰራክ ሃብታይ ገብረኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሊት ሃብታይ ገብረኣምላኽ ምባል ተሪፉ፡ ደሊና ሃብታይ ገብረኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅሳነት ተኽለ ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ቅሳነት ተኽለማርያም ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቦ ወልደኪዳን ሮኽረጼን፡ ኣደይ ብርሃን መሓሪ ግርማጼን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኽበረት ንጉሰ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ተኽሊያ በረቐ ስለዝዝተሰወኑ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸዓብነ ሱራፍኤል ብደሃ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለየሱስ መርእድ ጆንጆር ስለዝዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ፡ ጎደና 743-4 ዚፕ 1A743፡ ፕሎት 58፡ ፓርሰል C ዝርከብ፡ ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1/008222 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐ ንብረት ገዛ ምህላዉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ መበቆላዊ (ኦርጂናል) ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሓዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07163914 ክሕብረኒ፣ እንተዘየሎ፡ ካልእ መተካእታ መበቆላዊ (ኦርጂናል) ምስክር ዋንነት ክሓትት ምዃነይ ብኣኽብሮት እሕብር።

ኣቶ ተኽለኣብ መሓሪ ትርፉ

ብስም ሉቱ ኣርኣያ ትኩእ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00036082 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ብደሆ ቁ.ገዛ 137 ዝርከብ ናይ ቤት መስተን ቢሊያርድን ትካለይ፡ ንኣቶ የሴፍ ወልደሚካኤል ደብረጼን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና – ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ሉቱ ኣርኣያ ትኩእ
ሕጋዊ ወኪል ኤልሳ ፍስሓጽዮን ግደ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ኣብኑት ሕድርና ጉብረየሱስ ምግባል ተረፉ ኣብኑት ሓደራ ጉብረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል እዮብ ኪዳኑ፡ ሰላት እዮብ ኪዳኑ፡ ሓወና ሰለሙን ኪዳነ ፍረዝጊ ጥፉእ ምኻኑ ስለ ዝተወሰነልና፡ ንሕና ኣመልከትቲ ምስ 1ሓወና ኣብ ብምትሓጅ ምስ 7 ሓወቦታትናን ኣሞታትናን ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ምሕረትኣብ ዘርኣማርያም ቀለታ፡ ኣሞይ ሃና ቀሺ ቀለታ ኣድሓኖም፡ ብመልክዕ ህያብ ኑቲ ኣብ ከረን ከባቢ 03 ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት ኣብ ብሎክ 16 ፓርሰል bb ስፍሓቱ 290.00 ት/ሜ ዝሃበትኒ ዝነበረ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/90/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና ዑመር እድሪስ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ሑመድ መሓመድ ምግባል ተረፉ ፋጥና ማሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ መሳ ከሊፋ ምግባል ተረፉ ማሕሙድ መሳ ከሊፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያሲን እድሪስ መ/ድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና እድሪስ መሓመድ ምግባል ተረፉ ኣምና መሓመድእድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸሃይቱ ኣርኣያ ኣወሽኩ፡ ስም ኣደይ ለተኪዳ ጉብረስላሴ ዘወልድ ምግባል ተረፉ ለተኪዳን ወልደስላሴ ዘወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓያት ፋሰል ጉብረወልድ፡ ኣደይ ጀሚላ ዓብደልዋሰዕ ዓብደርሒም ስለዘየረፈት፡ ኣነ ምስ 1.ሂ ዓብደልቃድር መ/ድዓሊ 2.ረጃእ ዓብደልቃድር መ/ድዓሊ ኣሕዋተይ ኣብ ቀዋሚን ተንቀሳቓሲ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለተማርያም ሞሳዝጊ ነጋሲ ምግባል ተረፉ ማርያ ሞሳዝጊ ነጋሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድ መሓመድኢብራሂም መሓመድ ምግባል ተረፉ መሓመድ መሓመድኢብራሂም መሓመድኪር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

መሓመድ ኣልኣሚን ዒፉ ምግባል ተረፉ መሓመድ ኣሚን ዒፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ይቕረብ፡፡

ኣምና ባይረ ሓሰን ምግባል ተረፉ ኣምና ባይራይ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መሰረት መሓመድ ዑስማን ምግባል ተረፉ ንስረት መሓመድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መንሱር ሑመድ ሕደግ ምግባል ተረፉ መንሱር ኣሕመድ ሕደግ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኢትዮጵያ ጉብረስላሴ ወልደማርያም ምግባል ተረፉ ኣስመረት ጉብረሂወት ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደላሂ ኢብራሂም መሓመድዓሊ ምግባል ተረፉ ዓብደላ ኢብራሂም መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናጽነት ደባስ ተወልደመድህን ምግባል ተረፉ ናጽነት ደበሳይ ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መም/ ወልደትንሳኤ ተኽለማርያም፡ ተጸዋዒ ወረ/ፍ/ወ/ሮ ጸርሃ ጺጋይ ኣብርሃም፡ መዝገብ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ማሰል ኣሲ ዝብል ወገን ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኣቅሰት እዮብ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ዛይድ ሙሴ ሃብተማርያም ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ኤልሳ ሃብተዮም ሞገኡ፡ ኣዴና ንግስቲ ስልጣን ሓድጉ ስለዘየረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ዑስማን መሓመድ ሓምድ፡ ስም ኣደይ ፋጡማ መሓመድዓሊ ሓምድ ምግባል ተረፉ ኣምና ዑስማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዓብዱ ኣሕመድ በድሪ ምግባል ተረፉ ዓብደልቃድር ኣሕመድ በድሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከድጃ መሓመድ ዓብደልራሕማን ምግባል ተረፉ ከድጃ ዓብደልራሕማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓሽም መሓመድሓጅ ዑስማን ምግባል ተረፉ ሃሽም መሓመድሓጅ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወላዲትና ነፍ/ት ወ/ሮ ብርኽቲ ወልደገሪማ ጉርጃ፡ ዕለት ግንቦት 19/1997 ኣብ ዝገደፈትልና ለበዋ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 50 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብጊዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ምስክር ቁጽሪ 115326 መወከሲ ቁጽሪ 118914 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ፍርቂ ብጽሒተይ ንደቀይ 1.ኣቶ ብርሃነ ለገሰ ጉብረሂወት 2.ኣቶ ኪዳነ ለገሰ ጉብረሂወት 3.ወ/ሮ ህይወት ለገሰ ጉብረሂወት ንብረቶም ክኸውን ብለበዋ ይሓድገሎም ኣሎኹ ስለ ዝበሉት፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ ንሕብር፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሕትት ምኻንና ንሕብር፡፡

1. ኣቶ ብርሃነ ለገሰ ጉብረሂወት
2. ኣቶ ኪዳነ ለገሰ ጉብረሂወት
3. ወ/ሮ ህይወት ለገሰ ጉብረሂወት

---

ወላዲትና ነፍ/ት ወ/ሮ ብርኽቲ ወልደገሪማ ጉርጃ፡ ዕለት ግንቦት 19/1997 ኣብ ዝገደፈትልና ለበዋ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 38-48 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብጊዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ምስክር ቁጽሪ 115438 መወከሲ ቁጽሪ 129196/129201 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ፍርቂ ብጽሒተይ ንደቀይ 1.ኣቶ ብርሃነ ለገሰ ጉብረሂወት 2.ኣቶ ኪዳነ ለገሰ ጉብረሂወት 3.ወ/ሮ ህይወት ለገሰ ጉብረሂወት ንብረቶም ክኸውን ብለበዋ ይሓድገሎም ኣሎኹ ስለ ዝበሉት፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ ንሕብር፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሕትት ምኻንና ንሕብር፡፡

1. ኣቶ ብርሃነ ለገሰ ጉብረሂወት
2. ኣቶ ኪዳነ ለገሰ ጉብረሂወት

.3. ወ/ሮ ህይወት ለገሰ ጉብረሂወት

---

ብስም ደጀን ጎይትኦም ተስፋገርግሽ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00037175 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.ገዛ 79 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ፡ ንኣቶ የሴፍ መሓረ ንጉሰ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሕሽማለ ቁ.ገዛ 72፣ ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 28/02/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ደጀን ጎይትኦም ተስፋገርግሽ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዱ፡ ጎደና ደንጎሎ ቁ.ገዛ 02 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00043433 ናይ መስርሕን መሸጥን ምቁር ሕብስቲ ትካል ናይ ኣቶ ፍቓዱ ኣረጋይ ግደ፡ ብዕለት 20/08/2025 ቁ.መዝ 336/2025 ብውህብቶ ስለዝሃበኒ፡ ብስም ወዲ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡


ዳንኤል ፍቓዱ ኣረጋይ

# መዘናዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሰለስተ ለበዋታት ኣሌክሳንደር ዓቢ






ኣሌክሳንደር ዓቢ (Alexander the great)፡ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ካብ ዘርኣየቶም ዓበይቲ ነገውስ ሓደ እዩ። ንግስነቱ ካብ ግሪኽ ክሳብ ህንዲ፡ ንደቡብ ድማ ክሳብ ግብጺ'ዩ ዝዝርጋሕ ነይሩ። ንሱ፡ ወዲ 20 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ እዩ ናብ ንግስነት ዝመጸ። ኣብ መበል 32 ዕድሚኡ ከኣ፡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ክመውት እንከሎ፡ 3 ለበዋታት ኣመሓላሊፉ ሓሊፉ። እተን ለበዋታት ድማ እዚአን እየን፦

- ቀዳመይቲ ለበዎ፡ "ናተይ ሬሳ እቶም ዝበለጹ ዶክተራት ክስከምዎ ኣለዎም።"
- ካልኣይቲ ለበዎ፡ "እቲ ናተይ ሃብቲ ክሳብ መቓብረይ ፋሕ ኣብልዎ።"
- ሳልሳይቲ ለበዎ፡ "ኢደይ ካብ ሳንዱቕ ሬሳይ ብምውጻእ ንበይና ጠልጠል ኣብልዎ።"

እቶም ጀነራላት በዚ ተገሪሞም፡ "ንምንታይ ኢኻ ከምዚ ኢልካ ትላቦ ዘለኻ" ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ "ዶክተራት ሬሳይ ክስከምዎ ኣለዎም ዝበልኩኹም፡ ካብ ሞት ዝሃድም ሰብ ከም ዘየለ፡ ካብ ሞት ዋላ እቶም ዝበለጹ ዶክተራት ከድሕኑኹም ከም ዘይክእሉ ንኽትፈልጡ ኢለ'ዩ" ክብል ኣብርሃሎም። ቀጺሉ ከኣ፡ "ናተይ ሃብቲ ክሳብ መቓብረይ ፋሕ ኣብሉዎ ኢለኩም። እዚ ድማ ኩሉ ኣብ ዓለም ዝኣከብኩዎ ሃብቲ ገዲፍኩዎ ከም እትኸይድ ንኽሉ ሰብ ክረድእ ኢለ'ዩ" ኢሉ ገሊጻሎም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ "ኢደይ ካብ ሳንዱቕ ሬሳይ ብምውጻእ ንበይና ጠልጠል ኣብልዋ ኢለኩም። እዚ ከኣ፡ ናብዛ ዓለም ጥራይ ኢደይ መጺአ ጥራይ ኢደይ ድማ ከምለስ እየ ኢለ ንክረድእ ኢለ እየ" ብምባል ኣብ ኣፍ ሞት እንከሎ ገሊጹሎም።

## 20 ዓመት ብስቕታ ዝሓለፍዎ ሰብ ሓዳር

ምብህዛል፡ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ጥበብ'ዩ። ምብህዛል ዝፈጥሮ ሓይሊ፡ ንኹሉ ክፉት ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ርዱእ'ዩ። ንሕና ደቂ ሰብ፡ ናይ ምብህዛል ዓቕምና ካብቲ ዝተፈጠርናሉ ግዜ እዩ ብዘተፈላለየ ኣገባብ ዝጀምር። ዝገራት ክንገልጾም ብዙሕ መንገዲ ኢና ንጥቀም። ንርክብትና ከኣ እቲ ናይ ምብህዛል ዓቕምና'ዩ ዝውስኖ።

ዝገራት ብናይ ገዛእ-ርእስና ኣተረጓጉማ ክንትርጉሞም ኢና ንግደድ። ንብሎ እንተፈሊጥና፡ ኣብ ምብህዛልና ልዑል ተራ'ዩ ዝጻወት። ልክዕ ከምቲ ሓንቲ ሰበይቲ ኣቓልቦ ስለዘይተዋህባ ዝተጸገት ኮይኑ ዝኾነ፡ ሓደ ሰብኣይ ከኣ ሰበይቱ ኣቓልቦ ምስ ዘይትህቦ ናይ ኩራ ምልክት የንጸባርቕ እዩ። ኣብ ሓዳሩ ከም ዝፈሸለ ኮይኑ'ውን ክስምዖ ይኽእል እዩ። ኣብ ጃፓን ን20 ዓመታት፡ ማለት ካብ 1998 ክሳብ 2017 ብዘይ ዘረባ ዝሓለፍዎ ሰብ ሓዳር ንበዙሓት ኣገሪሞም እዮም።

እቲ ኦቱ ካታያማን ዝተባህለ ሰብኣይ "ንደቅና ልዕለይ ርኢኺዮም" ኢሉ ድሕሪ ምኹራይ እዩ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ዮሚን ንኽንደዚ ዝኣክል ዓመታት ከይተዛረብ ኣሕሊፉዎ።

እቲ ዝገርም ድማ ከይተዛረቡ ብሓባር ይነብሩን ደቆም የዕብዩን ምንባሮም እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ኦቱ ካታያማ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ዮሚ ክዛረብ ፍቓደኛ ኮነ። እቲ ንኣስታት 20 ዓመታት ኣብ መንነኦም ነቢሱ ዝነበረ ስቕታ ኣብቂዑ። ኣብ መወዳእታ ደቆም ብዘፈጠሩሉም ናይ ምብህዛል መድረኽ ኦቱ ካታያማን ንብዓልቲ ቤቱ ይቕረታ ሓቲቱዋ። እቲ ዝነበረ ስቕታ ድማ ብኡ ኣብቂዑ። ታሪኾም፡ ይቕረ ምባልን ብቕንዕና ምዝርራብን ንዊሕ እዋን ንዘጋንሕ ዘይምርድዳእ ከይተረፈ ክፍውስ ከም ዝኽእል ሓያል መዘኻኸሪ እዩ። ስቕታ ኣጉዳሲ ዘይኮነሉ ግዜ ክህሉ ይኽእል እዩ። ስቕ ምባል፡



ካብ ተራ ቃላት ወጺእካ ቆጥ-ነገር ዝሓዘሉ ቃላት ንኽትዛረብ የኽእለካ እዩ። ብስቕታ ኣብልካ ኑቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ህዱእ ምሽክር ክትሰምዖ ትኽእል ኢኻ። ስቕታ ንቕሓት እዩ። ስቕታ ኣብ ዘይቦታኡ ምስ ዝኸውን፡ ከምኡ'ውን ልክዕ ከምዚ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰብ ሓዳር ዓመታት ዝወሰደ ምስ ዝኸውን ግን ቀታሊ እዩ።

## ካልብየ ሳግላም

ካልብየ ሳግላም፡ ን43 ዓመታት ኣብ መንበሪ ገዛ ቱርካዊ ነጋዳይ ኒያዚ ኡዝምዜዝ እያ ሰራሕተኛ ገዛ ኮይና ትሰርሕ ነይራ። ካልብየ ንኒያዚ ከም ኣሰራሒኣ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካብኡ ሓሊፉ ብዝዕብኡ ካልእ ትፈልጦ ኣይነበራን። ብዙሕ ግዜ ሰባት ካልብየ መልክዓ ንኒያዚ ከም እትመስል ይዛረቡዋ ነይሮም እዮም። ብዕድመ ኣብ ሰብዓታት ምስ ረገጹት ግን ሓደ ምስጢር



እዩ ተጋሂዱ። ኣብ 2022፡ ካልብየን ኒያዚን ኣብ ሓደ ቤት ምግቢ ብሓባር እናተመገቡ እንከለው፡ ኒያዚ ሃንደበት፡ "ናይ ስጋ ጓለይ ኢኺ" ብምባል ካብ ትጽቢታ ወጻኢ ነገራ። ካልብየ፡ ሃንደበት ስለ ዝኾና ሰንበደት። እቲ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዕቑድ ዝሸቀለትሉ ሰብኣይ ብሓቂ ናይ ስጋ ኣቦኣ ክኸውን ሓሲባቶ ኣይትፈልጥን እያ። ኣደ ካልብየ፡ ምስ ኒያዚ ኣብ 1950ታት ኣብ ግዜ ንእስነቶም ርክብ ከም ዝነበሮም እዮም ጸብጻባት ዝሕብሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኒያዚ ወዲ 16 ዓመት፡ ኡሚት ድማ ጓል 21 ዓመት እንክላ እዩ እቲ ጥንሲ ኣጋጢሙ። ኡሚት፡ ነቲ ጥንሲ ንምሕባእ፡ ቀልጢፋ ምስ ሓደ ኤንቨር ዝርሉጊየ እተባህለ ሰብኣይ ተመርዓወት። ኤንቨር ከኣ ንካልብየ ከም ጓሉ ኣመዝጊቡ ኣዕብያ።

ካልቢያ ናይ ኒያዚ ኑዛዜ ሓቂ ምዃኑን ዘይምዃኑን ክትፈልጥ ስለ ዝደለየት፡ ነቲ ናይ ኣቦት ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪባ መርመራ ዲኤንኤይ ክግበረላ ሓተተት።

እቲ ዘሕዝን ግን፡ ኒያዚ እቲ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኡ ከይበጽሐ እንከሎ ኣብ መበል 88 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ 2022 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ድሕሪ ሞቱ ዝቐጸለ መርመራ ዲኤንኤይ፡ 99.9% ኣብ መንጎ ኣቦን ጓልን ምትእስሳር ከም ዘሎ ኣረጋገጹ። በዚ ከኣ ኒያዚ ናይ ስጋ ኣቦ ካልብየ ምዃኑ ተረጋገጸ።

ቤት ፍርዲ እውን፡ ካልብየ ራብዓይቲ ውላድ ኒያዚ ኡዝምዜዝ ምዃና ብወግዒ ኣፍልጦ ሃቡ። ሓንቲ ካብተን ሕጋውያን ወረስቲ ናይቲ ክልተ ፋብሪካታት ሕጡባትን ከቢ. 30 ኣብያትን ዝውንን ሰብኣይ ኮነት። ኒያዚ ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ዓመታት ንጓሉ ከም ሰራሕተኛ ገዝኡ ገይሩ ከሰርሓ ከመይ ኣብሉ ነብሱ ገይሩሉ፤ ዝብል ሕቶ ግን ንበዙሓት ዘገረመ ዛንታ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

## ንጋድም

1. ባሕሪ ኤርትራ ዝኾነ ባሕሪ
5. ሸረፈ፡ ሰበረ
7. ትኽ ኢልካ መስርዕ ምሓዝ
8. ስራሕ ቦታ
11. ካብ ዓይነት ካራሜለ
13. መቑጸሪ መዓልታት
14. ኣጥዓመ
16. ንጉዳይ ካልእ ዝግበር ሓጺር ጉዕዞ
17. ንዝተሓተትካዮ ግብረ መልሲ ሃብ
18. ኣፍኮሰ
19. ኣብ ላዕሊ ኣቐምጥ
21. ብኢዱ ብምስናይ ቃል ኣተወ
22. መንበሪ ገዛ
23. ፍሽኽ፡ ፈገግ
24. ንወዲ በሉ፡ ንጓል ______
26. ነገድ፡ ዓሌት፡ ዘርኢ
27. ንሰበይቲ ወይዘሮ፡ ንሰብኣይ ______
31. ትምህርቲ ዘይምምሃር
34. ኣብ ሰብኣይ ዝበቁል ጸጉሪ
36. ሻዱሸይቲ ወርሒ
38. ምቁር ብጭው ዝበለ ሓሩጭ
39. ጽምዋ
41. ክዳን
43. ንሓደ ነገር ንምምላኽ ዝግበር ጻዕሪ
45. ኣጸያፊ፡ ኣሕፋሪ
47. መርዚ፡ ሕንዚ
48. ደም እትጭንጉዕ ህዋስ
49. ሰንኪ፡ ጠንቂ፡ ምኽንያት
50. ፍርዲ
51. ዓይንኻ ምዕማት

## ንትኹል

1. ካብ ዓይነት ኣግራብ
2. ተወከሰ
3. ቤት መስተ
4. ብድሕሪት ተመለሰ (ብውትህድርና)
5. ብዓልቲ ቤቱ ንወዲ
6. ሓብሓበ፡ ኣለየ
9. ድሙ ብእንግሊዝኛ
10. ዕላል፡ ተባህለ ምባል
12. ፍርቂ ዓለም
13. ወሸላ፡ ንብልዕቲ ዘይተገርዘ ወዲ ተባዕታይ ዝሸፍኖ ቆርበት
14. ኣድህቦ ገበረ፡ ጠመተ
15. ኣብ ኢድ ዝሰኳዕ ክባዊ ቀርጺ ዘለዎ
18. ላም ክበዝሕ ከሎ
20. ልሰላሰ
21. ማዕጾ ምስ ተኳሕኩሐ እንብሎ
25. ሸቋሊ፡ ኣቀባጣሪ
26. መለሰ፡ ማእከል ኮይኑ ካልኦት ከምዝዘርዎ ዘግብር
27. ኖኖ፡ ኣይኮነን
28. መቓልስቲ ጀሪ
29. ቃል ክዳን ምፍራስ
30. ዝሓለፈ ዓመት
32. ካብ ማይ ውዑይ ዝወጽእ
33. ኣካል፡ ሰብነት
35. ጽምውምው፡ ጽምጽም
37. ረብረበ፡ በተነ
40. ንድፊ፡ ኰትሚ
42. ኣረጊት
44. ካብ እንስሳ ዘገዳም
46. ኣንጸባራቒ ሰማያዊ ዝሕብራ መጠነኛ ዑፍ

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቀብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | 3 | | 4 | ■ | 5 | | 6 | | ■ |
| | ■ | 7 | | ■ | 8 | 9 | | ■ | | ■ | 10 |
| 11 | 12 | | ■ | 13 | | | ■ | 14 | | 15 | |
| 16 | | ■ | 17 | | | ■ | 18 | | | | ■ |
| 19 | | 20 | ■ | | ■ | 21 | | | ■ | 22 | |
| ■ | 23 | | | ■ | ■ | | ■ | 24 | 25 | | ■ |
| 26 | | | ■ | 27 | 28 | ■ | 29 | ■ | | ■ | 30 |
| | ■ | 31 | 32 | | | 33 | | ■ | 34 | 35 | |
| 36 | 37 | ■ | 38 | | ■ | 39 | | 40 | ■ | | ■ |
| ■ | | ■ | ■ | 41 | 42 | | ■ | 43 | | | 44 |
| 45 | | 46 | | ■ | | ■ | 47 | | ■ | 48 | |
| ■ | 49 | | ■ | 50 | | | ■ | ■ | 51 | | ■ |

## ጥቕስታት ኒኮላስ ስፓርክስ

- "ፍቕሪ ከም ንፋስ እዩ፣ ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ ክተስተማቕሮ ግን ትኽእል ኢኻ።"
- "ኩሉ ግዜ ንልብኻ ጽን ኢልካ ስምዓያ። እቲ ምንታይሲ፡ ልብኻ ዋላ ብጸጋማይ ሸነኽ ትሃሉ ኩሉ ግዜ ቅንዕቲ እያ።"
- "ቅኑዕ ነገር ንኽትገብሮ ግዜ ወሲደ ኣይፈልጥን'ዩ።"
- "እቲ ዝበለጸ ፍቕሪ ንሓበሪና ብምብርባር ዝያዳ ኣብ ዝለዓለ ከም እንበጽሕ ዝገብረና ኮይኑ፡ ኣብ ልብና ሓዊ ኣጉዩ ኣብ ኣእምሮና ሰላም ዘምጽእ'ውን እዩ።"
- "ኣብ መወዳእታ ዋላ'ውን ከበድ ይኹን ኩሉ ግዜ ቅኑዕ ነገር ክትገብር ይግባእ።"
- "ሓቀኛ ፍቕሪ ውሑድ'ዩ ዘሎ፣ ንህይወት ሓቀኛ ትርጉም ዝህባ ከኣ ንሱ ጥራይ እዩ።"
- ሓቀኛ ፍቕሪ ማለት፡ እቲ ዘጋጥመካ ምርጫታት ክሳብ ክንደይ መሪር ክኸውን ይኽእል ብዘየገድስ፡ ካብ ሓገዝካ ንላዕሊ ንሓገዝ ካልእ ሰብ ምቕዳም እዩ።"
- "ዝኾነ ሰብ ሕሉፍ ታሪኽ ኣለዎ፣ ሕሉፍ ግን ሕሉፍ እዩ። ካብ ሕሉፍ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ፣ ክትቅይሮ ግን ኣይትኽእልን ኢኻ።"

ስምረት ዮሃንስ

# ገበናዊ ሕግን መትከላቱን

እዛ ዓለም ብዓይነቶም ብዙሓት ዝኾኑ ሕብረተሰብ ዘለዋ እያ፡፡ ሕብረተሰብ ሓደን ሓበራዊ ዝኾነ ድሕረ ባይታ፡ ባህሊ፡ ልምዲ፡ እምነትን ታሪኽን ብዘለዎም ሰባት እዩ ዝቖወም፡፡ እቲ ሓበራዊ ነገር ንኽደኒ ገዲፍና፡ እዞም ሰባት ኣብ ነሓድሕዶም ዝፈልዮም ባህርያት ኣለዎም፡፡ ባህሪ ሽሕ'ኳ ውልቃዊ እንተ ኾነ፡ ገለ ገለ ባህርያትን ግን ብዓይኒ ሕብረተሰብ ክረአ ከሎ ሓደገኛን ሰላምን ቅሳነትን ከጥፍእ ዝኽእልን እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ሰባት ብዓብኡ'ውን ሕብረተሰብ ብሰላምን ቅሳነትን መታን ክነብር፡ ነዚ ሓደገኛ ዝኾነ ባህሪ ዘጽርን ዝቆጻጸርን ሓደ ስርዓት ኣቑሞም፡፡ እዚ ስርዓት'ዚ ከኣ ገበናዊ ሕጊ እዩ፡፡

ገበናዊ ሕጊ ንገበናዊ ዝበሃሉ ባህርያት ወይ ተግባራት ሓንጺጹ ንዕኦም ዘውሃብ መቕጻዕቲ ዝገልጽ ሓደ ክፋል ሕጊ እዩ፡፡ ገበናዊ ሕጊ፡ ልክዕ ከም ካልኦት ሕግታት (flexible) ተዓጻጻፊ ኮይኑ፡ ኑቶም ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ጥራይ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ገበናት ማለት ምስ ምምጻእ ቴክኖሎጂን ኢንተርነት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝመጽኡ ዘለዉ ከም ስርቂ መንነትን ዝኣመሰሉ ተግባራትን ዝርኢ ሕጊ እዩ፡፡

ገበን ማለት ገበን ተባሂሉ ዝተኣወጀ ተግባር ምፍጻም፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ሕጋዊ ግቡኣት ብዘይምፍጻምን ሓደጋን ጉድኣትን ገበን ከም ዘሎ ተገንዚብካ ክንስኻ፡ ነቲ ሓደጋን ጉድኣትን ገበን ንምኽልኻል ወይ ንምቅላልን፡ ፍትሓ ንምቅልጣፍን ዝኾነ ስጉምቲ ብዘይምውሳድ ወይ ምውጋድ ማለት እዩ፡፡ ሓደ ነገር ብምፍጻምካን ብምውጋድካን ዝመጽእ ተሓታትነት'ውን ክንብሎ ንኽእል ኢና፡፡ ንኣብነት ስርቂ ወይ ቅትለት ገበናዊ ተግባር ክኾውን ከሎ፡ ሞያዊ ስነምግባር ወይ መምርሒታት ዘይምኽታልን ወይ ገበኛ ዘለዎ ቦታ እናፈለጥካ ብዘይ ምሕባርካ ምውጋድ ይኸውን ኣሎ፡፡

ገለ ገበናት ከበድትን ናይ ሰባት ሰላምን ድሕነትን ከምኡ'ውን ናይ ሕብረተሰብ ርግኣት ዝትንክፉ ኮይኖም፡ ምስ ዝፍጸሙ ዝኾነ ኣባል ሕብረተሰብ (ግዳይ ይኹን ኣይኹን ብዘይ የገድስ) ክሕብረሎምን፡ መንግስቲ ብኣኽብር ሕጊ ክሲ ክምስርተሎምን ዝኽእሉ ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ ውልቃዊ ጽልዋ ዘለዎምን ኣብቲ ግዳይ ሓሊፉ ናይ ሕብረተሰብ ሰላምን ድሕነትን ዘይጸልዉን ብመረረ ናይቲ ብዓል ጉዳይ ጥራይ ክሲ ክምስረተሎም ዝኽእሉን ገበናት እዮም፡፡ ቅትለት፡ ዓመጽ፡ ስርቂ ህዝባዊ ገበናት ክኾኑ ከለዉ፡ ከም ዝሙት፡ ማህረምቲ፡ ምፍርራሕን፡ ጸለምን ዝኣመሰሉ ድማ ውልቃዊ ገበናት እዮም፡፡

ዕላማ ገበናዊ ሕጊ ነቶም ገበናዊ ተግባር ዝፈጸሙ ኣካል ሕብረተሰብ ምቕጻዕ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ እቲ ሕጊ ከም መመኪሪ ኮይኑ፡ ሰባት ነቲ ክመጽእ ዝኽእል ሳዕቤን ተገንዚቦም ኣብ ገበን ከይቋጠሩን በቲ ሓደ ወገን ከኣ ነቶም ገበን ዝፈጸሙ ሰባት ዝተፈላለየ ደገፋት ከም ናይ ትምህርትን ሞያን ዕድላት እናፈጠርካ rehabilitate ወይ ናብ ንቡር ዝኾነ ሂወትን ናብራን መለሰኻ፡ ፍርዶም ወዲኦም ኣብ ዝወጹሉ ግዜ ኣፍራይቲን እሩማትን ዜጋ ንምግባር እዩ፡፡ ስለዚ ነዚ ዕላማ ክውን ንምግባር፡ ገበናዊ ሕጊ፡ ነቲ ሕጊ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝኽተሎም መትከላት ኣለዉ፡፡

ቀዳማይ መትከል፡ ማዕርነት እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ዓሌቱ፡ ደረጃኡ፡ ሃይማኖቱ፡ ፈጺምዎ ዘሎ ገበን ብዘይ የገድስ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕሪ እዩ፡፡ ሃብታም ኮነ ድኻ፡ ጸሊም ኮነ ጻዕዳ፡ ብዓል ስልጣን ኮነ ተራ ሰብ፡ ሕግን ቤት ፍርድን ብሓደ ዓይኒ ክጥምቶም ከምዘሎዎ ድማ የመልክት፡፡ ኣብ ገለ እዋን፡ ሕጊ ሃገራዊ ኮነ ኣህጉራዊ ንገለ ሰባት ፍሉይ ዝኾነ ኣተሓሕዛ ክግበረሎም የፍቅድ እዩ፡፡ ፍሉይ ኣገባብ ግን ኣብ ተሓታትነት ናጻ ንምግባር ኣይኮነን፡፡ ንኣብነት ፈጻሚ ገበን ትሕቲ ዕድመ ማለት ኣብ 12-15 ወይ ትሕቲ 18 ዓመት ምስ ዝኸውን መሰርሕን ኣገባብ ተሓታትነትን ፍርድን ከምቲ ናይ ሓደ እኹል ሰብ ኣይከውንን፡፡ ብተመሳሳሊ ዲፕሎማሰኛታት ብስራሕ ምኽንያት ናብ ሓንቲ ሃገር ምስ ዝኸዱ እሞ ኣብታ ተቐቢላቶም ዘላ ሃገር፡ ብመሰረት ናይታ ሃገር ገበናዊ ሕጊ ገበን ምስ ዝፍጽሙ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕግን ኣህጉራዊ ውዕላትን ናብ ሃገሮም ወይ ልኢኹቶም ዘላ ሃገር ከም ዝምለሱ ብምግባር ኣብ ናታ ቤት ፍርዲ ከም ዝሕተቱ ይግበር፡፡ ስለዚ እዚ መትከል እዚ መን ብዘይ የገድስ፡ ገበን ምስ ዝፍጽም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕሪ ምኳኑ የረጋግጽ፡፡ መትከል ማዕርነት ኣብ ዓንቀጽ 4 ናይ መ/ገ/ሕ/ኤ ተጸንባሪቑ ንረኽቦ፡፡




መሰርሕ ሕጋውነት፡ ሓደ ካብቶም መሰረታውያን መትከላት ናይ ገበናዊ ሕጊ እዩ፡፡ እዚ መትከል እዚ ሓደ ተግባር ገበን እዩ ተባሂሉ ቃል ክኸውን ይኽእል ወይ ፍጻመ ክሱብ ዘይተደንገገ ወይ ዘይተኣወጀ፡ ገበን ከም ዘይኮነን ገበናዊ ተሓታትነት ከምዘይብሉን ይገልጽ፡፡ ሓደ ሰብ ኣብቲ ኣብ ገበናዊ ሕጊ (ፒናል ኮድ) ገበን እዩ ኢሉ ዘይተጻሕፈ ተግባር እንተ ፈጺሙ፡ ዓይነት ናይቲ ተግባር ብዘይ የገድስ እቲ ሰብ ገበን ፈጺሙ ተባሂሉ ክሕተት ኣይክእልን፡፡ ንኣብነት፡ ጸለመ ከም ተግባር ክትጥምቶ ከለኻ ኣብ ስነ ምግባር ወጻኢ ወይ ሓጥያት ክኸውን ይኽእል፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ግን ክሱብ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ከም ገበን ዘይሰፈረ ንኣብነት (ዓንቀጽ 580 መ/ገ/ሕ/ኤ) ገበን ተፈጺሙ ኢልካ ተሓታትነትን ክስን ክትምስርት ኣይክኣልን እዩ፡፡ መትከል ሕጋውነት'ውን ሓደ ሕጊ ሕጊ ክኸውን እንተ ኾይኑ ክጹሓፍ ጥራይ ዘይኮነስ ክዝርጋሕን ተረካቢ (accessible) ክኸውን ከምዘለዎ የገድድ፡፡ መትከል ሕጋውነት ሓደ ተግባር ገበን ተፈጺሙ ክበሃል እንተ ኾይኑ፡ ዝተደንገገ ወይ ዝተኣወጀ ክኸውን ከም ዘለዎ፡ እቲ ዝተኣወጀን ዝተደንገገን ተግባር ብልክዕ ከም ዝተፈጸመን፡ እቲ ፈጺምዎ ዝበሃል ዘሎ ሰብ'ውን ክፍጽሞ ዕላማ ወይ ድሌት ከም ዝነበሮ ክረጋገጽ ከምዝግበኦን እዩ ዝገልጽ፡፡ እዚ ከኣ ክሲ ብግምት ወይ ጥርጣረ ዘይኮነ ዝምስረትሉ፡ ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ነገር ኣበየናይ ዓንቀጽ ናይ ሕጊ ከምዝሰፈረን ከም ዝጠሓሰን እቲ ክውንነት ናይቲ ተግባር ምስኣየናይ ዓንቀጽ ከምዝሳነን ኣረጋጊጽካ ክኸውን ከም ዘለዎ ዝእውጅ መትከል እዩ፡፡ እዚ መትከል እዚ ኣብ ዓንቀጽ 2 ንኡስ ዓንቀጽ 1 ናይ መ/ገ/ሕ/ኤ ክንረኽቦ ንኽእል፡፡

ብተመሳሳሊ ሓደ ሰብ ገበን ፈጺሙ መስርሕ ዳንነት ሓሊፉ ፍርዲ እንተ ተዋሂብዎ፡ ነቲ ነገር ካልኣይ ግዜ ኣልዒልካ ዳግማይ ክትሓቶ ኣይክኣልን፡፡ ነዚ ዘጽር መትከል ድማ መትከል ዳግማይ ወጽዓ (principle of double jeopardy) እዩ፡፡ ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ጉዳይ ናጻ እንተ ተባሂሉ ካልኣይ ግዜ በታ ጉዳይ ከም እንደገና ክትከሶ/ክትሓቶ ኣይክኣልን እዩ፡፡ ኣብ ገለ ግዜ ነቲ ውሳነ ክቕይር ዝኽእል መርትዖ ክርከብ ይከኣል እዩ፡ ኣገዳስነትን ርዝነትን ናይቲ መርትዖ ተራእዩ ክፍቀድ ይኽእል እዩ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ቅትለትን ከድዓትን ዝኣመሰሉ ጉዳያት፡፡ እዚ ግን ንቡር ኣካይዳ ናይቲ ሕጊ ኣይኮነን፡፡ ዕላማ ናይዚ መትከል እዚ መሰረትቲ ክሲ ብግቡእ ዘሎ መርትዖ ከቕርቡን በቲ ሓደ ወገን ከኣ ክሱስ ወይ ጥርጡር ብምኽኑይ ዘይኮነ ኣገባብ ግዳይ ናይ መጥቃዕትን ወጽዓን ከይከውን ንምክልኻል እዩ፡፡ እዚ መትከል እዚ ኣብ ዓንቀጽ 2 ንኡስ ዓንቀጽ 3 ናይ መ/ገ/ሕ/ኤ ክንረኽቦ ይከኣል፡፡

ሓደ ተግባር ክሕተትን ክቕጽዕን እንተ ኾይኑ፡ እቲ ተግባር ገበን እዩ ተባሂሉ ካብ ዝድንገግን ዝእወጅን ንደሓር እዩ፡፡ ቅድሚ ናይቲ ሕጊ ምእዋጅ ዝተፈጸሙ ተግባራት፡ እቲ ሕጊ ምስተኣወጀ ክኽሰሱ ወይ ክሕተቱ ኣይክኣልን እዩ፡፡ ንኣብነት ዝሙት ከም ገበን ኣብ 2010 ተኣዊጁ ንበል፡ ስለዚ ቅድሚ 2010 ዝሙት ዝፈጸሙ ሰባት ቅድሚ እዚ ሕጊ ምድንጋጉ ይዝምዉ ነይሮም እዮም ኢልካ፡ ክትከሶም ኣይክኣልን፡፡ እቶም ኣብ 2010 ማለት ዝሙት ከም ግበን ተኣዊጁ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ካብ ዝሰፍር ንደሓር፡ ዝሙት ዝፍጽሙ ሰባት ግን ተሓተትቲ ይኾኑ ማለት እዩ፡፡ እዚ መትከል ዳግማይ ተመለስካ ዘይምርኣይ ወይ non- retroactivity ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ እዚ መትከል እዚ ሰባት ነቲ ዝፍጽምዎ ተግባር ገበን እንተ ኾይኑ ጥራይ ተሓተትቲ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ዘረጋግጽ መትከል እዩ፡፡ ንሱብ ገበን ኣብ ዘይኮኑሉ ግዜ ዝፈጸሞ ተግባር እቲ ተግባር ገበን ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ሓሲብካ ምሕታት ማለት ዘይፍትሓውነት ምኳኑን ኣብ ገለ ግዜ ከኣ ንናይ ገለ ሰባትን ትካላትን መሳርሒ ሕነን ወጽዓን ክኸውን ስለ ዝኽእል እዩ፡፡ እዚ መትከል ኣብ ዓንቀጽ 5 መ/ገ/ሕ/ኤ ክንረኽቦ ንኽእል፡፡

ሰባት ሂወቶም ብሰላምን ቅሳነትን ክመርሑ ድሕነቶም ዘውሕስ ሓደ ባይታ የድልዮም እዩ፡፡ ነዚ ክትገብር ከኣ ንሕብረተሰብ ጎዳኢ ዝበሃል ባህርያት ኣለሊኻ ነቲ ባህርያት ዘንጸባርቑን ኣብ ምንጽብራቕ ሓሊፎም ዘተግብሩን ሰባት ክትእርም ይግባእ፡፡ ገበናዊ ሕጊ ከኣ ነዚ ዕላማ ክውን ንምግባር ዝሰርሕ ሕጊ እዩ፡፡ ገበኛ ይኹን፡ ተበዳሊ እቲ ዕላማ ፍትሕን፡ ሰላምን ብዓብኡ ድማ ንናይ ሕብረተሰብ ረብሓ እዩ፡፡ ንናይ ሕብረተሰብ ረብሓ ክሰርሕ እንተ ኾይኑ ድማ ሓደ ሰንደቕ ናይ ስርዓት ክኽተል ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ከምኡ እንተ ዘይኮይኑ፡ ገበናዊ ሕጊ ንገለ ክፋል ሕብረተሰብ ዘየዕግቡ፡ ንገለ ሰብ ዘየሐጉሱ፡ ክሱስ ወይ ጥርጡር ዝሃሰ መሳርሒ ናይ ሕነን ስልጣንን ክኸውን እዩ፡፡ ስለዚ ገበናዊ ሕጊ በዞም መትከላት ኣቢሉ ዕላማ ገበናዊ ሕጊ ክውን ንምግባርን ፍትሓዊ ዝኾነ ውጽኢት ንምምጻእን ይሰርሕ፡፡



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ግራስ ሩት ብዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድራት ይቕጽል

ኣብ መንጎ 16 ንኡሳን ዞባታት ማእከል ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ተኻእቲ ተጻወትቲ 'ግራስ ሩት' ዝሓለፈ መዓልታት ብዝተፈላለየ ዓይነት ውድድር ቀጺሉ።

ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 15 ዓመት ትማሊ ኣብ ዘካየድዎ ውድድር፣ ፓራዲዞ ንቲራቮሎ 4ብ2፣ ማ/ከተማ ንሰንበል 3ብ0፣ ኣኽርያ ንጎዳይፍ 3ብ0፣ ገጀረት ንበሪኽ 2ብ0 ተዓዊተናለን። ኣቦሻውል ምስ ሰረጀቓ ከምኡ'ውን ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ገዛ ጣንዳ ብናይ 2ብ2 ወጽኢት ክፈላለያ እንከለዋ፣ ኣርባዕተ ኣስመራ ምስ ጸጸራት 1ብ1፣ ጋሻ ኻፍሒ ምስ ማይተመናይ 0ብ0 ውድድረን ዛዚመን። ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘካየደኦ ጸወታ ድማ፣ ኣርባዕተ ኣስመራ ንኣኽርያ 3ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፣ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ማይተመናይ 2ብ2፣ ኣቦሻውል ምስ በሪኽ 0ብ0፣ ፓራዲዞ ምስ ጎዳይፍ 1ብ1 ተፈላልየን። ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 13 ዓመት ኣብ ዘሰላሰልዎ ግጥማት ከኣ፣ ቲራቮሎ ንፓራዲዞ 1ብ0፣ ኣቦሻውል ንሰረጀቓ 4ብ2፣ ሰንበል ንማ/ከተማ 3ብ0 ፣ ጸጸራት ንኣርባዕተ ኣስመራ 2ብ0፣ ገጀረት ንበሪኽ 2ብ0፣ ኣኽርያ ንጎዳይፍ 2ብ2፣ ገዛ ጣንዳ ንዕዳጋ ሓሙስ 1ብ0፣ ጋሻ ኻፍሒ ምስ ማይተመናይ 0ብ0 ብዘኸፍታ



ወጽኢት ተፈላልየን። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፣ ጎዳይፍ ምስ ኣኽርያ 1ብ1፣ ጸጸራት ንኣርባዕተ ኣስመራ 4ብ2፣ ማይተመናይ ንጋሻ ኻፍሒ 5ብ1፣ ቲራቮሎ ንፓራዲዞ 2ብ0 ወጽኢት ኣመዝጊበን።

ውድድራት ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፣ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ተፈላልዩ ብውድድራት ኣትሌቲክስ'ውን ቀጺሉ ነይሩ። ክሊ ዕድመ ትሕቲ 13ን 17ን ዓመት ናይ 50፣100ን 200ን ሜትሮ መጻረዩ ውድድራት ኣካይዶም። ደቂ-ኣንስትዮ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ 800 ሜትሮ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣብ ዘካየድኦ ከኣ፣ ሄራን ፍጹም ካብ በሪኽ፣ ኮኾብ የናስ ካብ ጋሻፍሒ፣ ኢደን ሓደሽ ካብ ሰረጀቓ ተዓዊተን። ትሕቲ 15 ዓመት ናይ 1000 ሜትሮ ናይ ፍጻመ ውድድር ከኣ፣ ኪዳኑ ከለው፣ እሰይ ወልዱ ካብ ጎዳይፍ፣ ነቢል ዐመር ካብ ጋሻፍሒ፣ ብሩኽ ክፍለ ካብ ጎዳይፍ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኰይኖም። ብናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፣ ሄርሜላ መሴ ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ፣ ሚርያም ኪዳነ ካብ ጎዳይፍ፣ ፍርቱና ኪዳነ ካብ ጸጸራት ዕወታት ኰይነን። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ናይ 400 ሜትሮ ውድድር ከኣ፣ ማትያስ ጸጋየ ካብ ገጀረት፣ የናታን ፊሊሞንን ብሩኽ የማነስን ካብ ጎዳይፍ ዕወታት ኰይኖም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤልያና ሃብቶም ካብ በሪኽ፣ ኤልሻር ሰለሙንን ናሆር ጸጋየን ካብ ጸጸራት ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሓዚየን። ክረምታዊ ውድድራት ግራስ ሩት ሎሚ ሰሉስ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ብናይ ትሕቲ 17 ዓመት ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ዝሰላሰል ኮይኑ፣ ውድድር ኣትሌቲክስ ድማ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀትን ክሊ ዕድመን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ እዩ።



## ናትናኤል ተስፋጽዮን ኣብ ስጳኛ ደሚቑ




ተቐዳዳማይ ጋንታሞቪስታር ናትናኤል ተስፋጽዮን፣ ሰንበት ኣብ ስጳኛ ንመበል 81 ግዜኡ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር 'ክላሲክ ቸርኪቶ ደ ገጾ (Circuito de Getxo)' ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብዚ ካብ በልባኦ ተበጊሱ ኣብ ገጾ እትዛዘም 172.2 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት ውድድር፣ ሓያል ናይ ምጥቃዕ ፈተነ ተራኢዩ። ኣብዚ ንዳገት ተቐዳደምቲ ዝፈተነ ሓያል ምትህልላኽ ዝዘርኣየ ውድድር፣ ናይ መወዳእታ ኪሎ ሜተር ኣብ ቀጽጽር ተጻወትቲ ባሕሬን ቪክቶርያስን ኮፈዲስን ኣብ ዝኣተወትሉ፣ ዓወት ናብኦም መሲላ ነይራ። ተቐዳደምቲ ናብ ናይ ፍጻመ ሕንጻጽ እናቐረቡ ኣብ ዝመጽኡሉ ግዜ ግን ተቐዳዳማይ ዩኤይኢ ፓቨል ሲቫኮቭ ንጉጅለ ቁረጽ ክሰይድ ፈተነ ገይሩ። ወሲ ፈተነ ብምኽያድ ንተጻወትቲ ዘበራበረ ግን ሚላን ቨደር እዩ። ፕሎ በላዮ ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ዝበ - ናትናኤል ተስፋጽዮን ግን ክሽፉ ኣይፈቐደሎምን። ዚ 1.1 ደረጃ ዝልካዕ ውድድር ከኣ፣ ናትናኤል ተስፋጽዮን ንፓው ሚገል ካብ ባሕሬን ቪክቶርያስን ኣሌክስ ኣራምቡሩ ካብ ኮፈዲስን በሊጹ፣ ብ3:58:49 ቀዳማይ ብምውጻእ ኣብ መሬት ስጳኛ ደሚቑ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ኣርሰናል ብኒውካስል ተጸጊ**

ኣርሰናል ንሓለቓ ጋንታ ኒውካስል ብሩኖ ጉማረሽ ንምፍራም ናብ ኒውካስል ዘቕረቦ ጠለብ ተጸጊ።

ዝሓለፈ ወርሒ ወዲ 28 ዓመት ጉማረሽ ንኣሰልጣኒኡ ናብ ኣረሰናል ክጽንበር ከም ዝደሊ ብምግላጹ፣ ምስጢጋር ናይዚ ተጻዋታይ ርገጽ መሲሉ'ዩ ጸኒሑ። ኒውካስል፣ ዚ ክልተ ዓመት ውዕል ተሪፉዎ ዘሎ ሓለቓ ጋንታኣ ሳልሳይቲ ዓመት ብምውሳኽ ምስኣ ክጸንሕ መረጻ ትርኢ። ኣርሰናል ድማ ዝሓሸ ጠለብ ሒዛዶ ክትምለስ ወይስ ካብ ዕድጊ እዚ ተጻዋታይ ክትወጽእ ኣብ ዝብል ዝርርብ ትርከብ።

ኣብ 2022 ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ልዮን ናብ ኒውካስል ዝተጸንበረ ጉማረሽ፣ ማልያ ኒውካስል ለቢሱ 195 ግጥማት ኣሰላሲሉ። ንጋንታኡ ድማ 31 ሸቶታት ኣቖጺሩላ ይርከብ።

ሰንበት ካብ ብራዚል ዝተበገሰ ጉማረሽ፣ ምስታ ናይ ቅድመ ወቕቲ ስፖርት ልምምድ ንምኽያድ ኣብ ስጳኛ ትርከብ ኒውካስል ተጸንቢሩ ይርከብ።

- **ሊቨርፑልን ፒኤስጂን ርክብ ጀሚረን**



መተካእታ መሓመድ ሳላሕ ዘድሊያ ዘላ ሊቨርፑል፣ ንብራድሊ ባርኮላ ንምፍራም ናብ ፒኤስጂ ከም ዘቕረበት ተገሊጹ።

ሊቨርፑል፣ 100 ሚልዮን ዩሮ ሒዛ ናብ ልዳት ፒኤስጂ ተጸጊዓ ዘላ። ካብ ብዙሓት ክለባት ነዚ ተጻዋታይ ኣመልኪቱ ጠለብ ዝቐረቦ ዘሎ ፒኤስጂ፣ ንባርኮላ 140 ሚልዮን ዩሮ ዋጋ ሰሊዓትሉ ትርከብ። በዚ መሰረት ሊቨርፑል ነዚ ተጻዋታይ ንምፍራም ዋጋ ክትውስኽ ክትግደድ ምኻና ይግመት። ባርኮላ ናብ ሊቨርፑል ናይ ምጽንባር ባህግታት የርኢይ ብምህላዉ ግን ሓሳብ ልባ ክሰምረላ ተኽእሎ ኣሎ። ሊቨርፑል ኣብ ምሕዝነታዊ ግጥም ብሊደስ 4ብ2 ብምስዓራ፣ እዛ ጋንታ ኸ ምልእቲ ከም ዘላ ማስከረ'ዩ። ንኦዲ ፖግባ ናብ ቶተንሃም ምስዳድ ዘለዋ ምውሳዋስ ኣብ ግምት ዘእተወ ተዓዛቢቲ ከኣ፣ ብራድሊ ባርኮላ ግድን ናብ ሊቨርፑል ክመጽእ ዘለዎ ተጻዋታይ'ዩ ብምባል ይገልጽዎ።

- **ፖቸቲኖ ውዕሉ ከናውሕ ተሰማሚዑ**

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ማውርሽዮ ፖቸቲኖ፣ ክሳዕ 2030 ኣሰልጣኒ ናይዛ ሃገራዊት ጋንታ ኰይኑ ክቕጽል ተሰማሚዑ።

ኣሰልጣኒ ቶተንሃምን ቸልሲን ዝነበረ ፖቸቲኖ፣ መዝነት ምዕላም ኣመሪካ ኣብ ወርሒ መስከረም 2024 እዩ ተረኪቡ። ክሳዕ ብቤልጅዩም ተሳዒሩ ዝሰናበት ከኣ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ነዛ ጋንታ ኣብ መድረኽ 16 ኣብጺሑዋ'ዩ።

ሱብ ማዚ ኩዕሶ እግሪ ኣመሪካ ብዛዕባ እዚ ስምምዕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ እዚ ስምምዕ ምንዋሕ ምዕላም ፖቸቲኖን ስታፍ ምስልጣኑን፣ ንጉዕዞ ምዕባለ ኩዕሶ እግሪ ናይታ ሃገር፣ ትምህርቲ ስልጠና፣ ፕሮፈሽናል ሊግን ቴክኒካዊ መልክዑን ሓጊዙ ምኻኑ ኣረጋጊጹ። ምስ ፖቸቲኖ ብምኻን ፈጠርዎ ዘለዉ ባህሊ ዘሕጉሶም ኣካየድቲ ኩዕሶ እግሪ ኣመሪካ፣ ካብዚ ኣሰልጣኒ ብዙሕ ተስፋ ብምሕዳር ውዕሉ ከም ዘናውሑሉ ሓቢሮም።

## ተሳተፍቲ ሻምፒዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ተፈሊጠን

ሻምፒዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ መደብ ተሰሪዑ ይርከብ።

ኣብዚ ካብ ሽዱሽተኣን ዞባታት ዝመጽኣ ክለባት ዝሳተፍኦ ውድድር፣ ተሳተፍቲ ዝኾና ክለባት ንምርግጋጽ ናይ መጻረዪ ውድድራት ተኻይዱ። ናይ ክልተ እብረ መጻረዪ ወድድር ዘካየዱ፣ ኣልታሕረር ካብ ማእከል ምስ ኣልሂላል ናይ ዓንሰባ ከምኡ'ውን ኣዱሊስ ናይ ዞባ ማእከል ምስ ማይ ኣደከሞም ናይ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ነይረን። ኣልታሕረር ኣብ ቀዳማይ እግሪ 3ብ1 ክትዕወት ከላ፣ ኣብ ካልኣይ እግሪ ድማ፣ ካብ ረያን መሓመድ ብዝረኸበታ ሸቶ 1ብ0 ብምዕዋት ህላወኣ ኣብ ሻምፒዮን ክለባት ኤርትራ ኣረጋጊጻ። ማይ ኣደከሞም ንኣዱሊስ ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1ብ0 ብምስዓር ጸብለልታ ሒዛ ናብ ግጥም ካልኣይ እግሪ'ኳ እንተኣተወት፣ ኣዱሊስ 3ብ0 ብምዕዋታ ብድምር ውጽኢት ክትሓልፍ ክኢላ። ላሳለ ናይ ዞባ ዓንሰባ ምስ ደቀምሓረ ናይ ዞባ ደቡብ ክተካይዶ ዝነበራ ጸወታ፣ ጋንታ ደቀምሓረ ክትርከብ ብዘይምኽኣላ ላሳለ 'ብፎርፈት' ክትሓልፍ ክኢላ። ዝተረፈት ሓንቲ ኮታ ንምምላእ ኣብ መንጎ ኣልሂላልን ማይ ኣደከሞምን ዝተኻየደ ዕጫ፣ ኣልሂላል ተዓዊታትላ።

ሻምፒዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፣ ከኡብ ዞባኦን ቀዳሞት ዝወጽኣን ኣብ ዞባ ማእከልን ዓንሰባን ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘን ምስዘን ብመጻረዩን ዕጫን ዝሓለፋ ሓዊስኩ፣ ኣብ መንጎ 12 ጋንታታት ብዝካየደኦ ውድድራት ክሰላሰል'ዩ።



## ንተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ ሰሚናር ተዋሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፣ "ንቑሕ ስፖርታዊ ንበሊጽ ወጽኢት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝወደቦ ሰሚናር ኣብ ኣደራሽ ኦሎምፒክ ኣፍሪቃ ተኻይዱ።

ኣብቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝተኻየደ ሰሚናር፣ ኣብ ካልኣይ ድቪዥዮን ዞባ ማእከል ካብ ዝርከባ 14 ጋንታታት ዝተዋጽኡ ስፖርታውያን ተሳቲፎም። ኣብዚ ብክኢላታት ዝተወሃበ ሰሚናር፣ ስነ-ልቦና ስፖርት፣ ሃገርን ሃገራዊ መንነትን፣ ሕክምና ስፖርት ከምኡ'ውን ድሕነት ተጻወትቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ መብርሂ ተዋሂቡ።

እዚ ሰሚናር ተጻወትቲ ክጽዮ ኩዕሶ እግሪ ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ ዓሊሙ ከም ዝተኻየደ ተገሊጹ። ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ እቲ ሰሚናር ኣገዳሲ ምንባሩ ብምግላጽ፣ ኣብቲ ዓውድታት ዘጸንሖም ኣፍልጦ ደናት ብምኻኑ ኣብ ጋንታታት ወረዱ ቀጻሊ ክወሃብ ተላብዮም።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን፡ ምስ ኣመሪካ ዝርርብ ከም ዘይተካይድ ኣፍሊጣ




ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ፡ ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ዝኾነ ዝርርብ ከተካይድ መደብ ከም ዘይብላ፡ ከምኡ'ውን ንልኡኽ ኣመሪካ ክትቅበል ይኹን ናታ ልኡኽ ክትሰድድ ድልውቲ ከም ዘየላ ኣፍሊጡ።

ባጋይ ወሲኹ፡ እቲ ሃገሩ ምስ ዖማን ትዘራረበሉ ዘላ ሓድሽ ማያዊ መተሓላለፊ ኣብ ሆርሙዝ፡ መእተዊን መውጽእን መስመራት ዘለዎ ሓደ መንገዲ ጥራይ ምኻኑ ሓቢሩ።

"እዚ ሕጂ ምስ ዖማን እንገብሮ ዘለና ዘተ፡ ኣብ መጽበብ ሆርሙዝ ዝርከብ ንግዳውያን መራኽብ ክሓልፋሉ ዝኽእላ ውሑስ መንገዲ ኣብ ምድላው ዘተኮረ'ዩ። እቲ ዘተ ግን ብዘዕባ ክልተ ኣንፈት ዘለዎ መንገድታት ደኣ'ምበር ብዛዕባ ካልኣት ዝተፈላለዩ መስመራት ኣይኮነን" ኢሉ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ምስ ኢራን ዝርርብ ንምቕጻል ጠለብ ድሕሪ ምቕራብ፡ እቲ ዝርርብ ካብ ትማሊ ሰኑይ ጀሚሩ ክቕጽል ምኻኑ ገሊጹ ምንባሩ ይዝከር።

ብዘይካ'ዚ እዚ ኣመልኪቱ ሚኒስተር ባጋይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራንን መጽበብ ሆርሙዝን እትገብሮ ዘላ መጥቃዕትታት ደው ክሳብ ዘይበለ፡ ከኻታት መጽበብ ሆርሙዝ ፈጺሙ ከም ዘይቅየር ኣፐንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፔዘሽኪያን ብወገኑ፡ "ትራምፕ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ ክቕጽሎ እዩ ዝደሊ" ክብል ገሊጹ።

ኣመሪካን ኢራንን ኣቐዲመን ንሓድሕደን ብሚሳይላት፡ ድሮናትን ነፈርትን ከም ዝተጠቓቕዓ ዝዝከር እዩ።

## "ዘለንስኪ ቀንዲ ጸገም ናይ ዩክሬን እዩ" ተባሂሉ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ እቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ ዩክሬንን ቀንዲ ተረባሒ ናይቲ ምስ ሩስያ ዝቐጽል ዘሎ ግጭትን ኮይኑ ምህላዉ፡ ጹሓፊት ፕረስ ናይታ ሃገር ዝነበረት ዩልያ መንደል ገሊጻ።

ንሱ ኑቲ መረጺ ምርጫታት ብምስራዝ ኣብ ስልጣን ይቕጽል ከም ዘሎ ድሕሪ ምኽሳሱ፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ኣብ ዓዘቕቲ ብልሽውና ተሸሚሙ ከም ዘሎ ወቒሱ።

ካብ 2019 ክሳብ 2021 ኣፈኛ ዘለንስኪ ኮይና ዘገልገለት መንደል፡ "ዘለንስኪ ቀንዲ ጸገም ሃገረይ ኮይኑ'ሎ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ። ዓለም ከኣ ንዩክሬን ብዘለንስኪ ኢያ ትርእያ ዘላ" ክትብል ተዛሪባ።

ዘለንስኪ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ 2024 ከም ዘብቅዐ እዩ ዝነገረሉ።



ሩስያ ብወገና፡ ንስልጣን ዘለንስኪ ዘይሕጋዊ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ንሱ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝኾነ ስምምዕ ሰላም ንኸይክተም ዕንቅፋት ኮይኑ ከም ዘሎ ከተገንዝብ ጸኒሓ እያ።

መንደል ኣብ መግለጺኣ፡ ምስ ዘለንስኪ ምትእስሳር ዘለወን ኩባንያታት፡ ብሕብረት ኤውሮጳ ንዝተመጠወ በልዮናት ዩሮ ሓገዝ ናብ ካዝናአን የእትዋኦ ከም ዘለዋ ከሲሳ።

መንደል፡ ንኩናት ሩስያን ዩክሬንን ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ ድማ፡ "ሩስያ ኣብዚ ኩናት እንተ ተሳዕረት'ውን ዩክሬን ተዓዊታ ማለት ኣይኮነን። ሩስያ'ውን ናይ ነዊሕ ርሕቀት መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ተካይድ ብምህላዋ፡ ክትሰዓር ኣይትኽእልን እያ" ኢላ።

እታ ብዕልቲ ስልጣን ነበር ኣብ መወዳእታ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንኩናት ሩስያን ዩክሬንን ደው ብምባል፡ ንዩክሬን ካብ ፍጹም ጥፍኣት ክድሕንኣ ተማሕጺና።

## ናይጀርያ - 12 ሰባት ብዕጡቓት ተቐቲሎም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይጀርያ ዕጡቓት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 12 ሰባት ከም እተቐትሉን ቁጽሮም ብልክዕ ዘይተገልጸ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ከኣ ከም እተኘጨወዩን ሮይተርስ ዝበርቲ ናይቲ ከባቢ ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እቶም ክሳብ ሕጂ ብሰብ ማዚ ናይቲ ከባቢ መንነቶም ዘይተፈልጡ ዘለዉ ዕጡቓት፡ ዝሓለፈ ሰንበት ለይቲ ናብታ ኣብ ዞባ ሶኮቶ እትርከብ ላዲንገ ዝተባህለት ቁሸት ብምእታው እዮም ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ፈጺሞም።

ካብቶም ብቲ መጥቃዕቲ ዝተቐትሉ ግዳያት፡ እቶም ሽዱሽተ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ምዃኖም ድማ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኣፈኛ ፖሊስ ዞባ ሶኮቶ ኣሕመድ ሩፋይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ንምርካብ ይሰርሑ ከም ዘለዉ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል ግን ዛጊት ከም ዘየለ ገሊጹ።

ተደጋጋሚ መጥቃዕትታትን ጭውያን ዝረኣየላ ናይጀርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ጥራይ ዕጡቓት ካብ ሰለስተ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ዞባ ኦዮ 39 ተመሃሮን ሸውዓተ መማህራንን ጨወዮም ምንባሮም፡ ናይ ሽው ጸብጻባት ናይታ ሃገር የመልክቱ።



## ህንዲን ቻይናን፡ ብዶብ ንግዲ ጀሚረን

ህንዲን ቻይናን፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ኣብቲ ንኽልቲኦን ዝዓወብን ሂማላያ ዶምግይ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ከም ዝጀመራ ኣፍሊጠን።

እቲ ኣብ መንጎ ህዙብታት ቲቤት ናይ ቻይናን ግዝኣታት ሂማላያ ናይ ህንድን ንዘመናት ዝጸንሐ ንግዳዊ ምንቅስቓስ፡ ብሰንኪ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ 2020 ደው ከም ዝበለ እዩ ዝግለጽ።

እቲ ብደቂ ናይቲ ከባቢ ዝኾኑ ነጋዶ ዝምራሕን ባህላዊ መስመራት ዝጥቀምን ንግዲ፡ ንቑጠባ ኣብ ርሑቕ ከባቢ ዝነብሩ ማሕበረ ሰብ ክልቲአን ሃገራት ከዕቢ ትጽቢት ከም ዘሎ እዩም ሰብ ማዚ ክልቲአን ሃገራት ዘረድኡ።

ማእከል ንግዲ ናይቲ ከባቢ ዝኾኑት ኣብ ዞባ ሰክም እትርከብ ቁሸት ናቱ ላ፡ ንኤስያን ኤውሮጳን ኣብ ዘራኽብ ጥንታዊ ጸርግያ ተደኩና ከም ዘላ ይሕበር።

ዝምድና ህንድን ቻይናን ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚሩ ናብ ንቡር ተመሊሱ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ዘመልከተ።

ከም ወጽኢቱ ከኣ፡ ክልተአን ሃገራት ንቀጥታዊ በረራታትን ንኖምግይ ምጅማር ስርዓት ቪዛን ዝምልከት ሓደስቲ ስጉምትታት ምውሳድ ጀሚረን ከም ዘለዋ፡ እቲ መርበብ ወሲኹ ይጠቅስ።

ህንዲ፡ ቻይናውያን ሰብ ሃብቲ ኣብ ወሰንቲ ጸላታት ናይ ቁጠባኣ ወፍሪታት ንኸካይዱ ክትፈቅድ ጀሚራ ከም ዘላ፡ እዚ ድማ ምስ ቻይና ዝምድናኣ ንምምሕያሽ ዘለዋ ድሉውነት ዘርኢ ምኻኑ፡ ምሁራት ሃገራት ቀርበት ዘለዎም ተንተንቲ ይገልጹ።



## ኣመሪካ - ባርዕ መሮር ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት የኸትል

ኣብ ምብራቓዊ ክፍሊ ሃገር ዋሽንግተን ኢጋጢሙ ብዘሎ ባርዕ መሮር፡ ኣብ ከተማ ስፖከን 60 ሽሕ ሰባት ኣብይቶም ራሕሪሖም ናብ ውሑስ ቦታ ክሃድሙ እንከለዉ፡ ኣስታት 600 መንበሪ ኣብያቲ ትካላት ንግድን ካልእ ትሕተ ቅርጺን ከኣ ከም ዝዓነወ ሰብ ማዚ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ቡቲ ባርዕ ኣብ መላእ ክፍሊ ሃገር ዋሽንግተን ኣስታት 1,000 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሸፍሓቱ መሬት ከም ዝከደደ፡ ገለ ካብቲ ኣብ ከባቢ ከተማ ስፖከን ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ዛጊት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ከም ዘይከኣለን እዮም ሰብ ማዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ቡቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ህይወት ሰብ ዝጋጠመ ጉድኣት ከም ዘየለ ኣረዲኦም።

ንዋሽንግተን ወኪላ ኣባል ሴኔት ኣመሪካ (ላዕለዋይ ባይቶ) ዝኾነት ማርያ ካንትዌል ብወገና፡ "ሳዕቤናት ናይዚ ተኸሲቱ ዘሎ ባርዒ ኣብዘን ዝቕጽላ ሓደት መዓልታት ክብድ ክብል እዩ" ክትብል ኣጠንቂቓ።

ጠንቂ ናይቲ ባርዕ እንታይ ምኻኑ ብንጹር ክፍለጥ ከም ዘይተኻእለ እዮም እቶም ሰብ ማዚ ዝገልጹ።

ኣኽባርቲ ሕጊ ናይቲ ከባቢ'ውን ቡቲ ባርዕ ልዕሊ 100 ኩቡቲ ከም ዝሞታ ሓቢሮም ኣለዉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 04/08/2026 | ጎደና ሲጋለት ቀጣን ቁ.6፡(ሺያጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services